# እን ቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ሃገረ ጀርመን

## ናይ መንገዲ መሰነይታ ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት

## ሰላም!

ናብዚ ንበይንኹም ኢኹም መጺእኩም፣ ብርግጽ ብዙሕ ሕቶታት ኣለኩም። እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ሕቶታትኩም ኣብ ምምላስን ንመን ክትሓቱ ከም ዝግባእ ኣብ ምብራህን ክትሕግዘኩም እያ። ንዓኹም ብዛዕባ ዝገጥምኹም ነገራት ከምኡ'ውን እንታይ ኣማራጺታትን መሰላትን ከም ዘለኩም ንምርዳእ ክንሕግዘኩም ድልየት ኣለና። ንሕና ልክዕ ከማኹም ተመሳሳሊ ተመክሮታት ዘለና ሓደ ጉጅለ ናይ መንእሰያት ኢና። ኣብዚ ብዙሓት ሰባት ኣብ ጎድንኹም ኮይኖም ዝሕግዙኹም ኣለው፤ ስለዚ፣ ንበይንኹም ኣይኮንኩምን! ኢና ንብል።

እዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ሽዱሽተ ክፋላት ኣለዋ፤ ሓፈሻዊ መግለጺ ብዛዕባ ተዳልዮም ዘለው ኣርእስታት ኣብ ዝስዕብ ገጽ ክርከብ ይከኣል እዩ። ኣብ ዝስዕቡ ገጻት ኣብ ጀርመን ኣብ መጀመርያ ገዜኹም እንታይ ከጋጥም ይኽእል፣ እንታይ ኣማራጺታትን መሰላትን ከም ዘለኩም፣ ምስ ኣየኖት ኣብያተ-ጽሕፈታትን ሰባትን ከም ትዋስኡ ክነብርሃልኩም ኢና። ዝተሓላለኹ ኣምራትን ቃላትን ብዝተፈለየ ሕብሪ ተሓቲሞም ኣብ ሻድሻይ ክፋል ብሓጺር ክበርሁ እዮም።
መን ምዃንና ክትፈልጡ እንተ ደሊኹም ኣብ'ዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ዘለው ሓበሬታትን ስእልታትን ተዓዘቡ። ዘድልየኩም ኩሉ ሓበሬታት ክትረኽቡ ተስፋ ንገብር ከምኡ'ውን ንመጻኢ ጽቡቕ ዕድል ንምነየልኩም።

# ትሕዝቶ


ቀዳማይ (1) ክፋል፣ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ሃገረ ጀርመን – ጽቡቕ እዩ ኣብዚ ምህላውኩም 1

ምምጻእ

መሰላትና እንታይ እዮም፧

ኣብዚ እንታይ ሕግታት ኣለው፧

ካልኣይ (2) ክፋል፣ ቀዳማይ ስጉምቲ - ኣብ መጀመርያ እንታይ የጋጥም፧ 7

እንታይ እዩ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት፣ እንታይ'ከ ይገብር፧

- ኣብ ዝመጻናዮ ከተማ ክንጸንሕ'ዶ ንኽውን፧

- ስለምንታይ እዩ ዕድመና ኣዝዩ ኣገዳሲ ከምኡ'ውን ገምጋም ዕድመ እንታይ እዩ፧

- ኣላዪና/ኣላዪትና ንዓና እንታይ ይገብሩልና፧

- ተኻናኻኒና/ተኻናኻኒትና ንዓና እንታይ ይገብሩልና፧

- ኣበይ ክንነብር ኢና፧

- እንተ ሓሚምና እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

ሳልሳይ (3) ክፋል፣ መንበሪ (መጽንሒ) - ኣብ ጀርመን ክንጸንሕ ንኽእል ዲና፧ 19

ኣየኖት ኣብያተ-ጽሕፈታት እዮም ኣገደስቲ፧

ተኽእሎ 1፣ ናይ ዑቕባ መሕተት ንምቕራብ መሰል ኣለኩም!

ተኽእሎ 2፣ መሰላትኩም ንመንበሪ (መጽንሒ) ብዘይ መስርሕ ዑቕባ ምሕታት!

ተኽእሎታት ብዛዕባ ምንጻግ፣ ጠለብ ምውጻእን ምጥራዝን

- ስድራና ናብ ጀርመን ክነምጽኦም ንኽእል ዲና፧

- ናይ „ዱብሊን ሕጊ(ኣገባብ) “እንታይ እዩ፧

ራብዓይ (4) ክፋል፣ ትምህርቲ – ሕጂ ገለ ነገር ተማሃሩ! 

ቤት-ትምህርቲ ቀሊጢፍና ክንጅምር ንኽእል ዲና፧ 31

እንታይ እዩ ሞያዊ ስልጠና፧ ንዕኡ ክንገብር ንኽእል ዲና፧

Abitur እንታይ እዩ፧ መን'ከ ክመሃር ይኽእል፧

ትሕቲ ዕድመ እንከለና ክንሰርሕ ንኽእል ዲና፧

ሞያዊ ስልጠናን ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርትናን ከመይ ኣቢልና ንኸፍል፧

ሓሙሻይ (5) ክፋል፣ ሓበሬታ ብዛዕባ መዓልታዊ ሂወት 41

ናይ ባንክ ሕሳብ ክንከፍት ንኽእል ዲና፧

ኣብ ናጻ ግዜና እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

ክንገይሽ ንኽእል ዲና፧

ኣብ ናይ ውልቅና ገዛ ክነብር ንኽእል ዲና፧

መኪና ክንዝውር ንኽእል ዲና፧

ኣበይ ሓገዝ ክንረክብ ንኽእል፧

ሻድሻይ (6) ክፋል ፣ ናይ ቃላት/ ኣምራት ትርጉም 47

# ምምጻእ

ናብ ጀርመን ንመጀመርያ እንተ መጺእኩም እንታይ ከም ትገብሩ ኣይትፈልጡን ትኾኑ። ሓገዝ'ውን የድልየኩም ይኸውን። ንነብስኹም ምስ ዝተፈላለዩ ክሕግዝኹም ምስ ዝኽእሉ ኣብያተ-ጽሕፈታትን (Behörden) ሰባትን ክትላለዩ ኣለኩም፣ ንኣብነት ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ፖሊሲን። ምስ ኩሎም ኣብ መዓስከር ዝርከቡ'ውን ክትላለዩ ግቡእ እዩ። ኣብ'ቲ መዓስከር ናትኩም ተኻናኻኒ (Betreuer) ከምኡ'ውን ተኻናኻኒት ክወሃበኩም እዩ። ንሱ ወይ ንሳ ድማ ንጸገማትኩም ከምኡ'ውን ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ክሕግዙኹም እዮም። ንኣብነት ንሱ ወይ ንሳ ናብ ክህልወኩም ዝኽእል ቆጸራታት የሰንይኹም ከምኡ'ውን ናብ ዶክቶር ክትከዱ እንተደሊኹም ከምኡ'ውን ነገራት ክትገዝኡ እንተደሊኹም የሰንይኹም። ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ናብ ቤት- ትምህርቲ ክትከዱ፣ ክትመሃሩ ከምኡ'ውን ዕዮ ገዛ ክትሰርሑ ክሕግዝኹም እዮም። ድሒሩ ድማ ብዛዕባ ትነብሩሉ ከተማን ክትገብርዎ ዘለኩምን ዘይብልኩምን ሓበሬታታት ክህቡኹም እዮም። ንኣብነት ብዘይ ናይ መጎዓዝያ ትኬት ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ክትጓዓዙ ኣይፍቀድን እዩ። ብተወሳኺ፣ ከም ኣገዳሲ ምኽሪ፣ ክትሰርቁ ወይ ብዘይ ምዝገባ ክትሰርሑ የብልኩምን።

ኣብ ጀርመን ኩሉ ብሕጊ ምቁጽጻር ዝተገብረሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ናይ ሕጊ ጽሑፋት ኣለው (ገበናዊ ሕጊ፣ ሕጊ ዑቕባ፣ ሕጊ ድሕነት ቆልዑን ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን (Kinder- und Jugendhilfegesetz) ወዘተ)። ጀርመን ዲሞክራስያዊት ሃገር እያ፣ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ድማ መሰላትን ግቡኣትን ከማልእ ኣለዎ። ወዲ-ሰብ ብዙሓት መሰላት ኣለዉዎ፣ ብዙሓት ሕግታት'ውን ኣለው።

# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ ሃገረ ጀርመን

## ጽቡቕ እዩ ኣብዚ ምህላውኩም

ውሑድ ሓበሬታታት ብዛዕባ ጀርመን ኣብዚ እንሆ፦
ምሉእ ስም ናይ ጀርመን ፈደራላዊት ረፑብሊክ ጀርመን እዩ። „ፈደራል“ ዝብል ቃል ጀርመን ፈደረሽን ናይ ብዙሓት ዞባታት ምኳና ዝሕብር እዩ፣ ንኣብነት ባቫርያ፣ ሰሜን ራይን-ዌስትፋልያ ወይ በርሊን። ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ መላእ ጀርመን ሓላፍነት ዝስከም ፈደራላዊ መንግስቲ፣ ነፍሲ-ወከፍ እተን 16 ዞባታት ናይ ውልቀን መንግስታት ኣለወን (= መንግስቲ ዞባታት)። መንግስቲ ፖለቲካዊ መሪሕነት ናይ ሃገር እዩ። መንግስታት ናይ ዞባታት ኣብ ብዙሓት መዳያት ካብ'ቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ናጻ እየን፣ ንኣብነት ንትምህርቲ ከምኡ'ውን ኣበይን ብኸመይን ስደተኛታት ይነብሩ ኣብ ዝብሉ ሕቶታት።
ስለ'ዚ ኣብ መነባብሮ ስደተኛታት ከምኡ'ውን ኣብ ተኽእሎታት መን ናብ ቤት-ትምህርቲ ክኸይድ ይኽእል ዓበይቲ ፍልልያት ኣለው። በዚ ምኽንያት ድማ ብዕድመ ንኣሽቱ ስደተኛታት፣ ኣበየናይ ከተማን ዞባን (Bundesland) ይነብሩ ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ኣብ መጀመርያ ግዜኦም ዝተፈላለየ ተመክሮታት ዝምኮሩ።

## መሰላትና እንታይ እዮም፧


ክብሪ ናይ ወዲ-ሰብ ኣብ ጀርመን ሕልው እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ናቱ ርእይቶ፣ ሃይማኖት፣ ፖለቲካዊ ርእይቶ ክህልዎ ከምኡ'ውን ንዕኡ ብናጻ ክገልጽ መሰል ኣለዎ።
ኣብ ጀርመን ሰብ ዑቕባ (Asyl) ክሓትት ይኽእል እዩ። ኩሎም ብሰንኪ ኲናት ካብ ሃገሮም ክፈናቐሉ ዝተገደዱ ሰባት፣ ደገፍ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ዘለዎም ካልኦት ምኽንያታት ናይ ስደት ኣለው፣ ንኣብነት ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ብዕድመ ንኣሽቱ ደቀንስትዮ፣ ግብረ-ሰዶምነት፣ መርዓ ብግዴታን ሃይማኖታዊ ምኽንያታትን።

ንዓኹም ኩሎም ብዛዕባ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘጋጥምኹም ነገራት ክትሕበሩ መሰል ኣለኩም። ኣብ መብዛሕትኡ እዋናት ተርጓሚ (Dolmetscher) ወይ ተርጓሚት (Dolmetscherin) ብዛዕባ ዝተዛረብኩሞ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ብዛዕባ ዝተዘርበ ነገራት ክትጉሙልኩም መሰል ኣለኩም። ብዛዕባ ንሂወት ዘድልይኹም ከምኡ'ውን ኣብ ሂወት ክህልውኹም ዘይትደልይዎም ክትዛረቡ መሰል ኣለኩም። ሓሳባትኩምን ድልየትኩምን ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ።


ኣብ ጀርመን ከም ቆልዓ ከምኡ'ውን መንእሰይ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውኹም፡- :

ምስ ስድራኹም ዘይትነብሩእንተ ኼንኩም ከምኡ'ውን ናብ ጀርመን እንተሃዲምኩም ካብ መንግስትን ኣብያተ-ጽሕፈቱን ፍሉይ ሓገዝ ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም።

ንሕክናዊ ክንክን መሰል ኣለኩም።



ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትከዱ መሰል ኣለኩም።





ናይ ዕረፍትን የብልኩምን። ናጻን ግዜ ክህልወኩም መሰል ኣለኩም። ንኽትሰርሑ ክትግደዱ

ብዘይ ስድራኹም እንተ መጺኹም፣ ብመንገዲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክንክናዊ ረድኤት (Inobhutnahme) ክግበረልኩም መሰልኩም እዩ። ቤት-ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት ሓላፍነት ንጥፈታት ናይ ስድራ ወይ ኣላዩ ክስከም ግዴታ ኣለዎ።



ንውልቃዊ ረብሓታትኩም
ሕጋዊ ወኪል ዝኾነ ኣላዩ (Vormund) ወይ ኣላዪት (Vormundin) ክህልወኩም መሰልኩም እዩ።


ኣብ መጀመርያ ውሕስነት ክህልወኩም ከምኡ'ውን ንነብስኹም ምስ'ቲ ሓድሽ ኩነታት ክተማእዝኑ ክትክእሉ ኣብ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን መንበሪ ገዛ ብኽንክን ክትእለዩ መሰል

ምስ ስድራኹም ብሓባር ክትነብሩ መሰልኩም እዩ። ናብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ እውን ክትበጽሑ መሰል ኣለኩም እንተድኣ ስድራኹም፣ ዓበይቲ ኣሕዋትኩም ወይ መቕርብ ኣዝማድኩም ኣብኡ ዝነብሩ እንተኾይኖም።




ንዓኹም
ብዝምልከት ምስ ውሳነታት ኣብያተ-ጽሕፈት (Bhörden) እንተ ዘይተሰማሚዕኩም ሕጋዊ ጥርዓን (Klage) ወይ ብጽሑፍ ተቓውሞ (Widerspruch) ክተቕርቡ መሰልኩም እዩ። ብዛዕባ'ዚ ንዝምልከቶም ሰራሕተኛታት ኣብያተ-ጽሕፈትን ማሕበራትን (Organisationen) ክትሕብርዎም ግድነት ይኸውን።

እዚ ዝተሓላለኸ እዩ ዝመስል። ብዛዕባ ንዓኹም ዝገጥምኹም ነገራት ክትርድኡን ኣብ ውሳነታት ተሳተፍቲ ክትኮኑን ግን መሰልኩም እዩ። ሕጋዊ ሽግር እንተ ኣጋጢምኩም ጠበቓ ክትቆጽሩ ይከኣል እዩ፤ ብዙሕ ገንዘብ ግን ክሓትት ይኽእል እዩ። ኣብ ጀርመን ውሑድ ገንዘብ ንዘለዎም ሰባት ዝሕግዛ ናጻ ናይ ምኽሪ ማእከላት ከም ዘለዋ ምፍላጥ ከኣ ኣገዳሲ እዩ።



# ኣብዚ እንታይ ሕግታት ኣለው፧

ኣብ ጀርመን ብዙሕ ሕግታት ኣሎ፤ ኩሉ ድማ ቁጽጽር ይግበረሉ'ዩ። ትሕቲ 18 ዓመት እንተኼንኩም ስድራኹም ወይ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንዓኹም ክውስኑ ኣለዎም። ትሕቲ 18 ዓመት እንተኼንኩም ሽጋራ ክተትክኹ ኣይፍቀድን እዩ። ፍቓድ መምርሒ መኪና'ውን ደቂ 18 ዓመት ምስ ኮንኩም ጥራይ'ዩ ዝወጽእ። ብተወሳኺ፣ ናይ ወረቐት መንነትኩም ኩሉ ግዜ ምሳኹም ክህሉ ይግባእ። ብኣውቶቡስ፣ ባቡር፣ ናይ ከተማ ባቡር ወይ ናይ ትሕቲ ምድሪ ባቡር እንተ ተጓዒዝኩም ትኬት የድልየኩም እዩ። እቲ ትኬት ባዕልኹም ክትገዝእዎ ኣለኩም። እዚ ድማ ምስ ተሰቐልኩም ብቕልጡፍ ክግበር ዘለዎ እዩ። ናብ ጀርመን ንመጀመርያ እዋን ከም ስደተኛ እንተ መጺእኩም ክትምዝገቡ ግቡእ እዩ። ደሓር ኣበይ ከም ትነብሩ ክውሰን እዩ። ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈታት ኩሉ ግዜ ናይ ምጽባይ ግዴታ ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈታት ቁጽሪ ትወስዱ እሞ፣ ክሳብ ተራ ናይ'ታ ቁጽሪ ዝበጽሕ ክትጽበዩ ኣለኩም። ስለ'ዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ግዜኹም ክትርከቡ ኣገዳሲ እዩ። እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም ኣፍልጦ እንተ ዘይብልኩም ንናትኩም ተኸናኻኒ/ተኸናኻኒት (Betreuer/Betreuerin) ወይ ኣላዪ/ኣላዪት ኩሉ ግዜ ክትሓቱ ተኽእሎ ኣሎ።


ጀርመን ናይ ቢሮክራሲ ሃገር እያ፣ እዚ ማለት ድማ ኩሉ ብንጹራት ሕግታት ዝቖመ እዩ። ንኹሎም መስርሓት ናይ ሃገር ዘገልግሉ ሓላፍነት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ብንጹር ዝተሰነደ ናይ ስራሕ ኣገባባት ኣሎ። ሰነዳት፣ ፎርማታትን ማሕተማትን ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም።
ንዓኹም ዘለዉኹም ኩሎም ሰነዳት ክትዕቅቡ ኣገዳሲ እዩ፣ ንኣብነት ናይ ምስክር ወረቓቕቲ (Zeugnisse) ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ዝወሃበኩም ሰነዳት። እዞም ሰነዳት ኣዝዮም ጠቓምቲ እዮም። ስለ'ዚ ድማ ኩሉ ግዜ ብዙሓት ቅዳሓት ክትገብሩ ኣለኩም።
„ዓቕሊ ኩሉ ግዜ ከቢድ እዩ። ዓቕሊ ክህልወና ግን ናይ ግድን እዩ።“

# እንታይ እዩ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት፣ እንታይ'ከ ይገብር፧

ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያት ብዘይ ስድራ ወይ ኣላዪ (Sorgeberechtigte) ናብ ጀርመን እንተ መጺኦም ቤት-ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት ኣብ ልዕሌኦም ሓላፍነት ኣለዎ። ደሓን ከም ዘለው እውን ከረጋግጽ ግድነት ኣለዎ። ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ኣብ ነውሲ-ወከፍ ከተማን ኣከባብን እትረኽቦ/እትረኽብዮ ቤት-ጽሕፈት (Behörde) እዩ።

መግቢ፣ ክዳውንትን ሕክምናዊ ክንክን ትረኽቡሉ ውሑስ ቦታ ናይ ምርካብ ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ድማ ረዲኤታዊ ክንክን ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ብዘይካ'ዚ፣ ተኸናኻኒ/ተኸናኻኒት ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድንኹም ኣለው። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ መንጎኹምን ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ዝካየድ ብዛዕባ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘለኹም ከምኡ'ውን ንመጻኢ ከመይ ከም ትኾኑ ዝምልከት ናይ „ደገፍ ዝርርብ መደብ" (Hilfeplangespräch) ኣሎ።

ኣላዪ ወይ ኣላዪት እንተዘይብልኩም ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት ደገፍ የድልየኩም ኢሉ እንተ ሓሲቡ፣ ውቕባ ክሓተልኩም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ድልየትኩም ምዃኑ ክፈልጡ ኣለዎም።

ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንናትኩም ተኸናኻኒ/ተኸናኻኒት ከምኡ'ውን ኣላዪ/ኣላዪት ይከታተል። ኣላዪ ወይ ኣላዪት ድማ ንሕጋዊ መዳያት ናትኩም ይከታተሉ፤ ተኻናኻኒ ወይ ተኻናኻኒት ድማ ንመዓልታዊ ሂወትካ/ኪ ይስዕቡ።

ገና ደቂ 18 ዓመት ክሳብ ዘይኮንኩም፣ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንዓኹም ይኸፍለልኩም። ንመንበሪኹም፣ መግብኹም ከምኡ'ውን ንኹሎም ካልኦት ኣገደስቲ ነገራት ይሽፍነልኩም። ብውልቂ ክህልውኹም ንእትደልይዎም ነገራት ናይ ጁባ ገንዘብ ይወሃበኩም።

ኩሉ እቲ መጻኢኹም ንምንጻር ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ኣብ መጀመርያ ዝገብሮም ነገራት ምጽራይ (Clearing) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ምናልባት ኣብ መጀመርያ ኣብ „መጻረዪ ቦታ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሰፈር ትቕመጡ ኤርኩም ትኾኑ። እዚ ግና ኣዝዩ ይፋላለ እዩ።





## ቀዳማይ ስጉምቲ
### ኣብ መጀመርያ እንታይ የጋጥም፧

### ኣብ ዝመጻናዮ ከተማ ንጸንሕ'ዶ ንኸውን፧

ኣብ'ቲ ዝመጻእክምሉ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ናጻ ቦታ ዘየለ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ኣብ ካልእ ከተማ ወይ ገጠር ግና ቦታ ክህሉ ይኽእል ይኸውን። ስለ'ዚ ናብ ካልእ ክትግዕዙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ከኣ ምክፍፋል (ምውዛዕ) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ብመጀመርያ ግና ኣበይ ናጻ ቦታ ከም ዘሎ ምንጻር ከድሊ እዩ። ክሳብ'ዚ ዝንጽር ኣብ'ቲ መጀመርያ ዝመጻእክምሉ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክትጸንሑ ኣለኩም። እዚ ከኣ „ግዝያዊ ክንክን" ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ክሳብ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ ከኣ ይበጽሕ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፣ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ናብ ካልእ ቦታ ክትከዱ እንተለኩም የጻሪ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ንምዝርራብ መሰል ኣለኩም። ንኣብነት፣ ምስ መን ብሓባር ክትነብሩ ከም ትደልዩ ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም ብፍላይ ምስ ካልኦት መንእሰያት ወይ ኣዝማድኩም ኣብ መንገዲ ብሓንሳብ ናብ ስደት እንተ ኣምሪሕኩም። እንደገና ክትጎዓዙ እንተ ዘይደሊኹም ከምኡ'ውን ጽቡቕ እንተ ዘይተሰሚዕኩም ናብ ካልእ ከተማ ዘይክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጀርመን ወይ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ኣዝማድ እንተለኩም ከምኡ'ውን ምስኦም ክትኮኑ ድልየትኩም እንተ ኾይኑ
ብዛዕባኡ ክትዛረቡ ተኽእሎ ኣሎ፣ እዚ ግና ብቐልጡፍ ዝሰልጥ ጉዳይ ኣይኮነን። ድልየትኩም እንታይ ምዃኑ ንምንጻር ምስ ናትኩም ተኻናኻኒ ወይ ተኻናኻኒት ክትዘራረቡ ኣለኩም። ኣብ መወዳእታ እቲ ውሳነ ብቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ይውሰን።



## ስለምንታይ እዩ ዕድመና ኣዝዩ ኣገዳሲ ከምኡ'ውን ገምጋም ዕድመ እንታይ እዩ፧

ኣብ ጀርመን ዕድመ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ናብ ጀርመን ንመጀመርያ እንተ መጺኹም፣ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት፣ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ኣለይቲ ከምኡ'ውን ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ዕድመኹም ክፈልጡ ግድን እዩ። እዚ ንመንበሪኹም ከምኡ'ውን ንመስርሕ መሕትት ዑቕባኹም (Asylverfahren) ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ጉዕዞ ስደት ናይ መንነት ሰነዳት ምሳኹም እንተዘይብልኩም ዕድመኹም ንምንጻር ከቢድ'ዩ። ዕድመኹም ናይ ዘይምእማን ተኽእሎ ሳሕቲ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ካብ መበቆል ሃገርኩም ሰነዳትኩም ክተምጽኡ ዘይትኽእሉ እንተ ኼንኩም ወይ እቲ ሰነድ ክርከብ ዘይከኣል እንተ ኾይኑ ብሓገዝ ሕክምናዊ መርመራ ዕድመኹም ንምግምጋም ሳሕቲ ክፍተን ይከኣል እዩ።

ኣብ ገለ ዞባታት ኣብ ሓካይም ክትምርመሩ ርእይቶ ክቐርበልኩም ይኽእል'ዩ። ሓካይም ንኣካላት፣ ኣዕጽሚቲ፣ ኣእዳውን ኣስናን ይምርምሩ፣ ብድሕሪኡ ደቂ ክንደይ ዓመት ምዃንኩም ይውስኑ። ናብ ነፍሲ-ወከፍ ቆጸራ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ወይ ኣላዪ/ኣላዪት ከሰንይኹም ግቡእ'ዩ። ዕድመኹም ንምግምጋም (Alterseinschätzung) ዘለው ካልኦት ተኽእሎታት ንምፍላጥ ብእትርድእዎ ቋንቋ ክትሕበሩ ይግባእ። ሓኪም ከም ናትኩም ተመሳሳሊ ጾታ ክህልዎ መሰልኩም እዩ። ጓል ብጓል ኣንስተይቲ ሓኪም፣ ወዲ ድማ ብወዲ ተባዕታይ ሓኪም ክምርመር ይከኣል እዩ።



ሳሕቲ ከየስተብሃልኩም ገምጋም ናይ ዕድመ ክግበር ይኽእል እዩ። ዝኾነ ክትፍርሙ ከለኹም ኩሉ ግዜ ዕድሜኹም ብልክዕ ተዋሂቡ ከም ዘሎ ክተስተውዕሉ ኣለኩም።


ደቂ 18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምኳንኩም ብመሰረት መርመራ እንተ ተገምጊሙ ምስ ናትኩም ተጣባቒ/ተጣባቒት ብዛዕባኡ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ካብ ካልኦትክኢላታት ምኽሪ ክትቅበሉ ይከኣል እዩ (ንኣብነት ካብ ማእከላት ምኽሪ ወይ ካብ ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት)። ኣንጻርʻዚ ናይ ዕድመ ገምጋም ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ (Gericht) እውን ክትቀርቡ ይከኣል እዩ።

ትሕቲ ዕድመ ምኳንኩም ኣብ ሓደ ቦታ እንተ ዘይተኣሚንኩም፣ ናብ ካልእ ከተማ ድማ እንተ ተሰጋጊርኩም ኣብኡ ንቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ትሕቲ ዕድመ ምኳንኩም ኣብኡ ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም። ቤት- ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሳሕቲ ካልእ ክውስንን ትሕቲ ዕድመ ምኳንኩም ክኣምንን ይኽእል እዩ።

17? 18? 14?

# ኣላዪና/ኣላዪትና ንዓና እንታይ ይገብሩልና፧

ደቂ 18 ዓመት ክሳብ ዘይኮንኩም ናትኩም ሓላፍነት ዝስከም ከምኡ'ውን ጽቡቕ ከም ዘለኹም ዝከታተል ሓደ ኣካል ክህሉ ኣለዎ። ትሕቲ 18 ዓመት ስለ ዝኾንኩም ክትፍርሙ የብልኩምን ከምኡ'ውን ንበይንኹም ብዙሕ ኣይትውስኑን ኢኹም። ስለ'ዚ ኣብ ውሳነታትኩም ዝሕግዝኹምን ኣብ ክንዳኹም ኮይኖም ዝፍርሙን ኣላዪ ወይ ኣላዪት ክህልውኹም ግቡእ እዩ። ኣላዪ ወይ ኣላዪት ምሳኹም ወይ ኣብ ጎድንኹም ብምኳን እንታይ ከም ትደልዩ ክሓትኹም ግቡእ እዩ። ኣላዪ ወይ ኣላዪት መሰልኩም ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎም (ንኣብነት ኣብ ትምህርቲ፣ ሞያዊ ስልጠና፣ ጽቡቕ መንበሪ ቦታን ኣብ ካልእ ብዙሓት ነገራትን)። ገለ ኣብነታት ይስዕብ፦



- ናይ ዑቕባ መሕተት (Asylantrag) ክተቕርቡ እንተ ደሊኹም ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ሕቶ ዑቐባኹም ከቕርብዎ ኣለዎም ከምኡ'ውን ኣብ መስርሕ ዑቕባ ምሕታት ንቃለ-መጠይቕ (Interview im Asylverfahren) ክዳልውኹም ኣለዎም።
- ምስ ትካል ናይ ምንቅስቓስ ኣካላት McFit ውዕል ክትገብሩ እንተ ደሊኹም ኣላዪ/ኣላዪት ክፍርሙ ኣለዎም።
- ሕክምናዊ መጥባሕቲ ክትገብሩ ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ፣ ኣላዪ/ኣላዪት ብዛዕባ'ዚ ክፈልጡ ኣለዎም ከምኡ'ውን እቲ መጥባሕቲ ጽቡቕ ድዩ ኣይኮነን ክውስኑ ኣለዎም።
- ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦታ ክረኽብልኩም ግቡእ'ዩ፤ ቤት- ትምህርቲ ክትቅይሩ ድልየትኩም እንተ ኾይኑ ድማ ብዛዕባ'ዚ ንኣለይትኹም ክትነግሩ ኣለኩም።
- ናይ ትምህርቲ ዑደት ምስ ቤት-ትምህርትኹም ክትከዱ እንተደሊኹም፣ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ብዛዕባ'ዚ ክውስኑን ክፍርሙን ኣለዎም።
- ምስ ፖሊስ ጸገም ምስ ዝህልወኩም ወይ ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ክትቀርቡ እንተ'ኼንኩም፣ ኣላዪ/ኣላዪት ብዛዕባ'ዚ ክፈልጡን ንዓኹም ክውክሉን ኣለዎም።
- ብተወሳኺ፣ ኣላዪ/ኣላዪት ምስ መንበሪ ዝተኣሳሰር ናይ ምውሳን መሰል ኣለዎም፤ እዚ ማለት ድማ ኣበይ ከም ትነብሩ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ከተማ ኣዕሩኽትኹም ክትበጽሑ ከምኡ'ውን ኣብኡ ክትሓድሩ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ኣለዎም።

ኣላዪ መዓስ ንረክብ፧

ዕድመኹም ትሕቲ 18 ዓመት ምስ ዝኾውን ከምኡ'ውን ኣብ ጀርመን ንበይንኹም ብዘይ ስድራ ምስ ትህልው ኣላዪ ወይ ኣላዪት ይወሃበኩም። እዚ ኣላዪ ወይ ኣላዪት ድሕሪ ቅሩብ ሰሙናት'ዩ ዝምደበልኩም። እዚ ክሳብ ገለ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። ንዕኡ ወይ ንዓኣ ክሳብ ትላለዩ ድማ ግዜ ክወስድ ተኽእሎ ኣሎ። ንዓኹም ኣላዪ ወይ ኣላዪት እንተ ዘይተመዲብልኩም ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ኣብ ልዕሌኹም
ሓላፍነት ይስከም።

ሓደ ካብ ኣባላት ስድራኹም ወይ ኣዝማድኩም ንዓኹም ናይ ምእላይ ሓላፍነት ክወስድ ይኽእል እዩ። ግና ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ፣ ደገፍ ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት (Jugendhilfe)፣ ሕጊ ጀርመን ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ነገራት ኣፍልጦ ክህልዎ ኣለዎ። ምስ ስድራኹም ጸገም እንተሃሊኩም ግና ብመንገዲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሓገዝ ከምኡ'ውን ኣላዪ/ኣላዪት ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጀርመን ንዓኹም ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ትኾኑ ኣለይቲ ኣለውኹም። ልዕሊ ዕድመ (volljährig) ካብ 20 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ካብ እትቖጽር ሃገር እንተ መጺኹም ግና ክሳብ ሽዕኡ ትኣኽሉ ኣላዪ/ኣላዪት ክህልውኹም ይከኣል እዩ።

ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣታኣላልያ ኣለው፣ እቶም ልሙዳት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦
1. ወግዓዊ ምእላይ
ወግዓዊ ኣላዪ/ኣላዪት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ይሰርሑ። ንሱ/ንሳ ንብዙሓት ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ይኣልዩ፤ በዚ ምኽንያት ድማ ንነፍሲ-ወከፍ መንእሰይ ውሑድ ግዜ ኣለዎም።
2. ወለንታዊ ምእላይ)
ናይ ወለንታ ኣላዪ/ኣላዪት ብሰናይ ፍቓድ ዝገብርዎ ኮይኑ፣ ኣብ መብዛሕታኡ እዋን ብዙሕ ግዜ ኣለዎም። ገለ ወለንተኛታት ኣለይቲ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ምስ'ቶም ዝኣልይዎም መንእሰያት ይራኸቡን ገለ ጽቡቕ ነገራት ይገብሩን።

ብናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ሕጉሳት እንተዘይኴንኩም ብሰንኪ ዘለኩም ጸገማት ወይ ምስኦም ውሑድ ርክብ ምስ ዝህልወኩም፣ ምስ ናትኩም ተሓናኻኒ/ተሓናኻኒት ወይ ምስ ቤት- ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብዛዕባኡ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪ'ዚ ምናልባት ብዝያዳ ዝኣልየኩም ሓድሽ ኣላዪ/ኣላዪት ክትረኽቡ ትኽእሉ ትኾኑ።

## ተኻናኻኒና/ተኻናኻኒትና ንዓና እንታይ ይገብሩልና፧

ኣብ መጀመርያ ምስ ካልኦት ብዘይ መሰነይታ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት (unbegleiteten minderjährigen Flüchtlingen) ኣብ ናይ ሓባር ህንጻ፣ ገዛ ወይ ኣብ መዕረፊ-ኣጋይሽ (ሆስተል) ኢኹም ትቕመጡ። ኣብኡ ነፍሲ-ወከፍ ትሕቲ ዕድመ መንእሰይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ኣለዎ። እዞም ተኻናኽንቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ይሕግዝኹም ንኣብነት ኣብ ናይ ሕክምና ቆጸራኹም፣ ኣብ ምግዛእ ከምኡ'ውን ድልየትኩም እንተ ኾይኑ ዕዮ ገዛ ኣብ ምስራሕ።


መን'ዩ ናትኩም ኣላዪ ወይ ኣላዪት ዝኸውን ክትመርጹ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ምስ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ዓቢ ጸገም እንተለኩም ግን ምስ ኣለይትኹም ወይ ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብዛዕባኡ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪ'ዚ ሓድሽ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ክወሃበኩም ይኽእል ይኸውን።



# ኣበይ ክነብር ኢና፧

ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ዘሎ ግዜ ቋንቋ ቅሩብ እንተ ተማሂርኩም ከምኡ'ውን ኣብ ጀርመን ቅሩብ እንተ ተቐሚጥኩም፣ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓባር ምስኹም ከምኡ'ውን ምስ ናትኩም ኣላዩ/ኣላዪት ብምኺን ብዛዕባ ናይ መጻኢ መንበሪ ቦታኹም ይውስን። ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ኣሎ። ምስ ካልኦት መንእሰያትን ተኻናኸንትን ብሓባር ክትቅጽሉ እንተ ደሊኹም ኣብ ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት መንበሪ ቦታ ወይ ናይ ሓባር መንበሪ ቦታ (Wohngruppe) ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብውልቂ ንነብስኹም ክትክእሉ እንተ ደሊኹም ድማ ምስ ካልኦት ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት እትካፈልዎ ናትኩም ገዛ ክህልወኩም ዝከኣል እንተ ኾይኑ ክትሓቱ ተኽእሎ ኣሎ። ምስ ኣባላት ስድራኹም ብሓባር ክትነብሩ እውን ይከኣል እዩ።
ኣዝማድኩም ወይ ካልኦት ኣባላት ስድራ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሓብሓብቲ ስድራ ወይ ናይ ኣጋይሽ ስድራ ተባሂሎም ከኣ ይጽውዑ።

ጽቡቕ ኣይስማዓኩምን ኣሎ፧ ዝከናኸነኩም ሰብ የልቦን፧ ትኣምንዎ ሰብ የብልኩምን፧ ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያት ኩሉ ግዜ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ካልእ መንበሪ ቦታ ክትነብሩ ድልየት ከም ዘለኩም ነዚ ቤት-ጽሕፈት ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንዓኹም ዝሓሸ መንበሪ ቦታ ክርእየልኩም ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ- ዕድመ መንእሰያት ሓላፍነት ኣለዎ። ምስ ልዕሊ ዕድመ ዝበጽሑ ብሓንሳብ ክትነብሩ ኣይፍቀድን እዩ።



# እንተ ሓሚምና እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

ኣብ መጀመርያ መዓልታት ኣብ ጀርመን ንተመሓላለፍቲ ሕማማት ብዝምልከት ብሓካይም ክትምርመሩ ኢኹም። ሕማም እንተሃሊኩም ከኣ ክትሕከሙ ኢኹም።
ድሒሩ ዝኾነ ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማም እንተሃሊኩም እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ፧


ምስ ሓከይም ክትዘራረቡ ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ክንክን ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም።ስግኣት ኣለኩም ድዩ፧

- ሕማቕ ሓሳባት ኣለኩም ድዩ፧
- ቃንዛ ርእሲ ኣለኩም ድዩ፧
- ብዙሕ ደኺምኩም ኣለኹም ዲኹም፧
- ናይ ድቃስ ጸገም ኣለኩም ድዩ፧
- ረስኒ ኣለኩም ድዩ፧
- ቃንዛ ስኒ ኣለኩም ድዩ፧
- ዝተሰብረ እግሪ ኣለኩም ድዩ፧

ምስ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት፣ ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ
ዕድመ መንእሰያት ተዘራረቡ። ናይ ሓኪም ቆጸራ ክሕዝልኩም ከምኡ'ውን ክሕግዝኹም
እዮም።

ቋንቋ ጀርመን ገና ብጽቡቕ ክትዛረቡ ኣይትኽእሉን ዲኹም፧
ብተርጓሚ ወይ ተርጓሚት ክትስነዩ መሰል ኣለኩም።

ንሓኪም መን ይኸፍሎ፧
መብዛሕትኡ ሕክምናዊ ክንክን ብመንግስቲ ዝኽፈል እዩ። ኣብ ገለ ከተማታት ናይ ጥዕና መድሕን ካርድ ትወስዱ፣ ኣብ ካልእ ድማ ተወሳኺ ጽሑፍ (ወረቐት) ካብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ትወሃቡ። ሕክምናዊ ክንክን እንተደሊኹም፣ ንዓኹም ግን ዘይፍቀድ እንተ ኾይኑ (ብሓገዝ ኣላዪ/ኣላዪት) ብመንገዲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክትግበር ኣለዎ።



**ተወሳኺ ሓበሬታ ንኣዋልድን ንኣሽቱ ኣንስትን፡-**

ኣብ ጀርመን ኣዋልድን ኣንስትን ዋላ ከይሓመማ እንተወሓደ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ናብ ናይ ደቀንስትዮ ሓኪም (Frauenarzt) ይኸዳ እየን። ኩሉ ነገር ደሓን ምህላው ንምርኣይ ሕክምናዊ መርመራ ይገብራ። ደቀንስትዮ ነብሰ ጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን'ውን ሓካይም ኣብ ጎድነን ኣለው። ብዛዕባ ምክልኻል ጥንሲ'ውን ሓበሬታ ይህቡ እዮም። ሕማቕ ነገር እንተ ኣጋጢሙኪ ድማ ምኽሪ ክልግሱ ይኽእሉ እዮም።


Out of Action
Infos und Gespräche
jeden 1. & 3. Dienstag
im Monat
°C

ንሕና ነዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ብሓባር ዘዳሎና ሓደ ጕጅለ ናይ መንእሰያት ኢና። ንሕና ኣብ መንጎ 16 ክሳብ 30 ዓመት ኴንና፣ ኣብ በርሊን፣ ብራንደንቡርግ፣ ኖርድሃይን-ዌስትፋለን ንነብር። ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባና ኣብ መወዳእታ ናይ'ዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ክርከብ ይከኣል።

## ሃቫ (Hava) ብዛዕባ'ዚ ጕጅለ'ዚ

„ምሳኹም ጽቡቕ ግዜ'ዩ ነይሩ። ገሌና ቋንቋ ጀርመን ብጽቡቕ ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና፤ ተመሳሳሊ ዕላማ ግና ኣለና፣ ንሱ ድማ ንሓድሕድና ክንራኸብ ምኽንያቱ ብሓባርብዙሓት ስለ ዝኾንና። ድሕሪ እቲ ኣኼባ፣ ብሓንሳብ ተደሪርናን ብዙሕ ተዘናጊዕናን። ኣብ'ዚ ጽቡቕ ንኽንህሉን ንኻልኦት ንኽንሕግዝን ድልየትና እዩ ምኽንያቱ ንሕና'ውን ኣብ'ዚ ሽግር ነይሩና እዩ። ነሓድሕድና ኩሉ ግዜ ብሓንሳብ ኣለና። እቲ ኣኼባ ዋላ ይወዳእ ነሓድሕድና ናይ መራኸቢ መስመር ኣለና። ብቓላት ክግለጽ ዘይከኣል ጽቡቕ ግዜ ምሳኹም ኣሕሊፍና። ከም ሓደ ስድራ ኢና ነይርና።“

# መንበሪ (መጽንሒ)

## ኣብ ጀርመን ክንጸንሕ ንኽእል ዲና፧

ሕማቕ ዕድል ኮይኑ መብዛሕትኦም ሰባት ኣብ ዓለም ክነብርሉ ዝደልዩ ቦታ ክመርጹ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ጀርመን ክትጸንሑ እንተ ደሊኹም ወይ ናብ ካልእ ሃገር ናይ ኤውሮጳ ክትገሹ ከምኡ'ውን ኣብኡ ክትነብሩ ድልየት እንተለኩም፣ ንዕኡ ዝምልከት ፍቓድ የድልየኩም እዩ። እዚ ፍቓድ ንኽወሃበኩም መንግስታዊ ቤት-ጽሕፈት እዩ ዝውስን። ትሕቲ ዕደመ እንተኼንኩም ከምኡ'ውን ኣብ ጀርመን ንበይንኹም እንተ ሃሊኹም፣ ክልተ ቀንዲ ተኽእሎታት ኣሎ፡-

1. ናይ ዑቕባ መሕትት ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።
2. ብዘይ ዑቕባ መንበሪ (Aufenthalt) ንምርካብ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣገዳሲ፡- ነዚ መመልከቲ ኣብ ጀርመን ንኽትጸንሑ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት የቕብርዎ። ኣላዪ/ኣላዪት እንተዘየለ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ከቕርቦ ይኽእል እዩ።

# ኣየኖት ኣብያተ-ጽሕፈታት እዮም ኣገደስቲ፧

**„ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን“**

ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን መንግስታዊ ቤት-ጽሕፈት እዩ። ኣብ ጀርመን ውቕባ ንምሕታት እንተ ኣመልኪትኩም ሓደ ሰራሕተኛ ናይ'ዚ ቤት-ጽሕፈት ምስኹም ቃለ-መጠይቕ የካይድ። ናይ ውቕባ መሰል፣ ናይ ስደተኛ ደገፍ መሰል ወይ subsidiären Schutz ክወሃበኩም ዝከኣል እንተኾይኑ ድማ እዚ ቤት-ጽሕፈት ይውስን። ብተወሳኺ፣ ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን፣ ኣብ ጀርመን ንኽትጸንሑ፣ ኩነታት መበቆል ሃገርኩም ንዓኹም ውሑስ እንተዘይኮይኑ ብቐጻሊ ይምርምር።

ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ውሳኔኡ ንዓኹም ከምኡ'ውን ንቤት- ጽሕፈት ወጻእተኛታትን ይሕብር።

**„ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት“**

ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማን ኣከባብን ኣሎ። ውቕባ ንምሕታት እንተዘይ ኣመልኪትኩም፣ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ወጻኣተኛታት ንDuldung ወይ ንመንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltstitel) መሕትት ተቕርቡ።

ናይ ውቕባ መሕትት ኣብ ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን እንተ ኣቕሪብኩም፣ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት Aufenthaltsgestattung ይህበኩም።

ናይ ውቕባ ሕቶኹም ምስ ተወሰነ ከምኡ'ውን ካብ ፌደራላዊ ቤት-ምኽሪ ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ሓበሬታ ምስ ተቐበልኩም ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት መንበሪ ፍቓድ ይህበኩም።

ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ኣብ እዋን Duldungን Aufenthaltsgestattungን ንናይ ስራሕ ፍቓድ ብዝምልከት ሓላፍነት ይስከም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናብ ካልኦት ዞባታት ናይ ምጋሽ ቀይዲ ወይ ኣብ'ቲ ዘለኻዮ/ዘለኽዮ ቦታ ናይ መንበሪ (መቐመጢ) ግዴታ (Residenzpflicht) ይውስን።


ቆጸራ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ኣገዳሲ ብእትኣምንዎ ሰብ ክትስነዩ መሰል ኣለኩም። ኰይኑ፣ ሳሕቲ ኣድካሚ እዩ።


# ተኽእሎ 1፤

## ናይ ዑቕባ መሕትት ንምቕራብ መሰል ኣለኩም!

„ዑቕባ ምርካብ“ እንታይ ማለት‘ዩ፧

ስደተኛ ሓደ ካብ መበቆል ዓዱ ዝሃደመ እዩ። ኣብ ጀርመን ዝተፈላለዩ መሰላት ዝሓቖፉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት „ደገፍ ናይ ስደተኛታት“ ኣለው። ናይ ዑቕባ መሕተት ምስ ኣቕረብኩም፣ „ናይ ዑቕባ መሰል“፣ „ናይ ስደተኛ ደገፍ መሰል“፣ „subsidiären Schutz“ ወይ „Abschiebungsschutz“ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።






„ናይ ዑቕባ መሰል ምርካብ“፣ „ናይ ስደተኛ ደገፍ መሰል ምርካብ“ ከምኡ'ውን „subsidiären Schutz“ ማለት ኣብ ጀርመን ንግዜኡ ንኽትጸንሑ ፍቓድ ረኺብኩም ኣለኹም ማለት እዩ። ንዝነወሐ ግዜ ንኽትጸንሑ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ድማ ድሒሩ ዝውሰን እዩ። ኣብ መጀመርያ እዋን ንሓደ ወይ ንሰለስተ ዓመት ንምጽናሕ ዘኽእለኩም ፍቓድ ትወሃቡ።

„Abschiebeverbote“ ማለት ኩነታት መበቆል ዓድኹም ንዓኹም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሓደገኛ እዩ ምኽንያቱ ንኣብነት ትሕቲ-ዕድመ ስለ ዝኾንኩም፣ ሕማም ስለ ዘለኩም ከምኡ'ውንኣብ መበቆል ሃገርኩም እቲ ሕማም ብግቡእ ክፍወስ ስለ ዘይክእል። ንሓደ ዓመት ናይ ምጽናሕ ዕድል ኣብ መጀመርያ ይወሃበኩም፤ ንነዊሕ እዋን ክትጸንሑ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ድማ ድሒሩ ዝውሰን እዩ። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ኣብ „ተኽእሎ 2“ ተመልከቱ።

„Abschiebehindernis“ ማለት ካብ ጀርመን ወጻኢ ንኽትጎዓዙ ኣይትኽእሉን ኢኹም ምኽንያቱ ኣገዳሲ ናይ መጎዓዝያ ሰነዳት የብልኩምን ወይ ንኽይትጎዓዙ ሕማም ስለ ዘለኩም እዩ። Abschiebehindernis ክሳብ ዝሃለወ „Duldung“ ትወሃቡ። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ኣብ „ተኽእሎ 2“ ተመልከቱ።

## ናይ ዑቕባ መሕተት ከነቕርብ'ዶ ኣለና፧

ኣብ ጀርመን ዑቕባ ክትሓቱ ድልየት እንተለኩም እኹል ግዜ ሃብዎ። ዑቕባ ንኽትሓቱ ምርጫኹም እንተኾይኑ ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት፣ ተኻናኺኒ/ተኻናኻኒት ከምኡ'ውን ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓባር ብምዃን ሕሰቡሉ። ብመጀመርያ ምኽሪ ክትቅበሉ ፈትኑ፤ እቲ መስርሕ ብጽቡቕ እንተ ተረዲእኩም ከምኡ'ውን ነቶም ቅድመ ኩነታት እንተ ተቐቢልክሞም ዑቕባ ንምርካብ መሕተት ኣቕርቡ። ዑቕባ ምሕታት ግድን ኣይኮነን፣ እዚ ናትኩም ውልቃዊ ምርጫ እዩ። መስርሕ ምሕታት ዑቕባ ነዊሕ ክወስድ ስለ ዝኽእል፣ ሓንሳብ ምስ ጀመርክሞ ክሳብ ዝውዳእ ክትቅጽልዎ ኣለኩም።

ኣብ ጀርመን ዑቕባ ንኽትረኽቡ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለው። ኣብ'ዚ ውሑዳት ኣብነታት ጥራይ'ዮም ተጠቒሶም ዘለው፦

- ብዘይድልየትኩም ምስ ትምርዓው (ብሓይሊ መርዓ)
- ንውትህድርና ወይ ንሓደ ወተሃደራዊ ጉጅለ ብሓይሊ ንኽትሰርሑ ወይ ንኽትቃለሱ ምስ ትግደዱ (ትሕቲ-ዕድመ ወተሃደር)
- ሓሽሽ ንኽትጓዕዙ ወይ ንኽትሸጡ ምስ ትግደዱ ወይ ንኣመንዝራነት ምስ ትግደዱ (ሰብኣዊ ንግዲ)
- ንኣዋልድ ብዝምልከት፣ መሸኒክን ምስ ዝኽንሸብ (ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ)

## እንታይ ክንገብር ኣሎና፧

ናይ ዑቕባ መሕተት ምስ ኣቕረብኩም ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ክትዳለዉሉ ዘለኩም ቃለ-መጠይቕ ክትገብሩ ኣለኩም። ኣብኡ ካበይን ከመይን ኣቡልኩም ናብ ጀርመን ከም ዝመጻእኩም ክትሕተቱ ኢኹም። ስለምንታይ ዑቕባ ከም ዝሓተትኩም፤ ንዕኡ ዝምልከት እንታይ ምኽንያታት ከም ዘለኩም ከምኡ'ውን መርትዖታትን ሰነዳትን ካብ ሃገርኩም እንተ ኣምጺኹም ወይ ክተመጽኡ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ክትሕተቱ ኢኹም።

ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኺኒ/ተኻናኻኒት ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ ብልክዕ ክገልጹልኩም መሰል ኣለኩም። ንሱ ወይ ንሳ ንዓኹም ብዙሕ ነገራት ክገብሩልኩም ይኽእሉ እዮም ከምኡ'ውን ሓገዝ እንተ ደሊኹም ኣብ ጎድንኹም ኣለው። ኣላዪ/ኣላዪት ኣብ እዋን ቃለ-መጠይቕ ምሳኹም ክህልው መሰልኩም እዩ። ንዓኹም ኣብ ኣገደስቲ ቆጸረታት ዝትርጉሙ ተርጓሚ ወይ ተርጓሚት ክህልውኹም እውን ግቡእ እዩ። ኣብፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ቃለ-መጠይቕ ኣብ ተገብሩሉ እዋን ቋንቋ ኣዴኹም ዝዛረቡ ተርጎምቲ ኣለው። እቲ ኣተረጓግማ እንተ ዘይተረዲእኩም ንኻልእ ተርጓሚ ወይ ተርጓሚት ክትጠልቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ከም ትሕቲ ዕድመ ጓለንስተይቲ ነቲ ቃለ-መጠይቕ ጓለንስተይቲ ክተካይዶ ከምኡ'ውን ጓልንስተይቲ ከም ተርጓሚት ክትቀርብ ምርጫኺ እንተ ኾይኑ ኣብ'ቲ ቃለ-መጠይቕ ክትነግሪ ትኽእሊ ኢኺ። ከምኡ'ውን ከም ትሕቲ ዕድመ ወዲ ኣብ እዋን ቃለ-መጠይቕ ወዲተባዕታይ ሓታቲን ተርጓሚን ክህልውኻ መሰልካ እዩ። ኣብ'ቲ ቃለ-መጠይቕ ንዓኹም ክሰምዓኩም ከምኡ'ውን ክሕግዘኩም ዝኽእል ሓደ ሰብ ክትማልኡ መሰል ኣለኩም። እቲ ዘሰንየኩም ሰብ ነቲ ቃለ-መጠይቕ ምሳኹም ዝተዳለወ ክኸውን ዝበለጸ እዩ።

ገና ደቂ 14 ዓመት እንተ ዘይመሊእኩም ናብ ቃለ-መጠይቕ ከይትቐርቡ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ግና ኩሉ እቲ ዝበልክሞ ክጽሕፉ ሓላፍነት ኣለዎም። ብድሕሪ'ዚ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ነቲ ቃለ-መጠይቕ ከመሓላልፎ ዝከኣል እንተኾይኑ ይውስን።

ድሕሪ ቃለ-መጠይቕ ኩሉ እቲ ኣብኡ ዝበልክሞ ዘጠቓለለ መዝገብ ሰነድ (Protokoll) ክወሃበኩም እዩ። እዚ ሰነድ ክሳብ ዝወሃበኩም ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ኩሉ ብልክዕ ከም ዝተተርጎመን ከም ዝተጻሕፈን ብሓባር ምስ ተርጓሚ/ተርጓሚት ብምዃን ኣረጋግጹ። ምስ ዝኾነ ኣብ'ቲ ሰነድ ዝተጻሕፈ ክትሰማምዑ እንተ ዘይኪእልኩም ክትምልኡን ክትእርሙን መሰልኩም እዩ።

ብድሕሪ'ዚ፣ ንውሳነ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ክትጽበዩ ኣለኩም። እቲ ዝወሃብ ውሳነ ናይ ዑቕባ መሰል፣ ናይ ስደተኛ ደገፍ መሰል፣ subsidiären Schutz ወይ Abschiebeverbot ክርከብን ዘይክርከብን ይገልጽ። እዚ ኽኣ ሰሙናት ወይ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል እዩ። እቲ ውሳነ ኣወንታዊ እንተ ኾይኑ ናይ መንበሪ ፍቓድ መሰል ትረኽቡ። እቲ ውሳነ ኣሉታዊ እንተ ኾይኑ ከኣ ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ብቕልጡፍ ብምዝርራብን ብሓባር ብምዃንን ተጣባቒ/ተጣባቒት ትውከሱ። ምስ ተጣባቒ/ተጣባቒት ድማ ኣንጻር እቲ ኣሉታዊ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ቤት- ፍርዲ ጥርዓን ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።



## እንታይ እዩ „Aufenthaltsgestattung“፧
„Aufenthaltsgestattung“ ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ ዝወሃበኩም ናይ መንበሪ መሰል እዩ። እዚ ብቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ዝወሃብ እዩ።

## እንታይ እየን „ውሑሳት መበቆል ሃገራት“ ዝበሃላ፧
ጀርመን ንገለ ሃገራት „ውሑሳት መበቆል ሃገራት“ ብምባል ትሰምየን። ጀርመን ካብ'ዘን ሃገራት ዝመጹ ሰባት ብሕጊ ዑቕባ ንምሓታት ምኽንያት የልቦን ትብል። ካብ'ዘን ሃገራት ዝመጹ ሰባት ናብ መበቆል ሃገሮም ክምለሱ ከም ዝኽእሉ፣ ኣብኡ ውሕስነት ከም ዘለዎምን ካብ መግፋዕቲ ብዘይ ፍርሒ ክነብሩ ከም ዝኽእሉን ትገልጽ። እዚ ፖለቲካዊ ውሳነ እዩ፤ ኩሎም ኣብ'ዘን ሃገራት ዝርከቡ ሰባት ብምሉእ ውሕስነት ይነብሩ ኣለውማለት ግን ኣይኮነን። ኩሉ ግዜ ዝጭቆኑ፣ ብኣድልዎ ዝሳቐዩን ዝግፍዑን ትሕቲ-ዕድመ ኣለው።
ኣገዳሲ፦ ካብ „ውሑስቲ መበቆል ሃገር“ ዋላ እንተ መጻኹም ናይ ዑቕባ መሕትት ንምቕራብ ውልቃዊ ምኽንያታት ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ሃገርኩም ካብ „ውሑሳት መበቆል ሃገራት“ እንተኾይና ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ተዘራረቡ ከምኡ'ውን ካብ ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት ምኽሪ ርኸቡ!



# ዮተኽእሎ 2፤

## መሰላትኩም ንመንበሪ (መጽንሒ) ብዘይ መስርሕ ዑቕባ ምሕታት!

ኣብ ጀርመን ንበይንኹም እንተሃሊኹም፣ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክሳብ መበል 18 ዓመት ልደትኩም ክኣልየኩም ግድን እዩ። እንታይ ዓይነት መሕተት ተቕርቡ ወይ እንታይ መሕተት ኣቕሪብኩም ኣየገድስን እዩ። ኣብ ጀርመን፣ „መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ስደተኛ“ ክሳብ ዝኾንኩም፣ እንተወሓደ „ክትጽወሩ“ ኢኹም። ገና ትሕቲ ዕድመ ስለ ዝኾንኩም ከምኡ'ውን ንበይንኹም ኣብ ጀርመን ስለ ዘለኹም፣ ቤት- ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክኣልየኩም ሓላፍነት ኣለዎ፤ ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትስጎጉ እውን የብልኩምን።

ኣገዳሲ፡- ኣብ መበቆል ሃገርኩም ዝርከቡ ስድራኹም፣ ካልእ ኣላዩ ውልቀ-ሰብ ወይ ናይ ድሕነት ቆልዑ ማሕበር፣ ንዓኹም ንምእላይ ንቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ናይ ጀርመን ብጽሑፍ እንተ ኣረጋጊጾም፣ ንመሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ-ዕድመ ስደተኛታት ዝወሃብ ደገፍ ምክልኻል ካብ ምስጓግ ኣይክህሉን እዩ!

ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፣ ኣብ ጀርመን ደገፍ ተናድዩ ስለ ዘለኹም፣ ንናትኩም ኣላዩ/ኣላዩት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ዑቕባ ምሕታት ዘድሊ እንተኾይኑ ተወከሱ።

እንታይ እዩ „መንበሪ (መጽንሒ) ብሰብኣዊ ምኽንያታት (humanitären Gründen)“፤

ኣብ ክንዲ መስርሕ ዑቕባ፣ ብሰብኣዊ ዓይኒ ንምጽናሕ ናይ ምሕታት ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ሰብኣዊ ምኽንያታት ክትሰምዩ ኣለኩም፤ ንኣብነት ስድራኹም ብሂወት እንተዘየልዮም ወይ ንመበቆል ሃገርኩም ምምላስ ሓደጋ ዝፈጥር እንተኾይኑ ወይ ሕማም እንተሃሊኩም ከምኡ'ውን ኣብ መበቆል ሃገርኩም ብግቡእ ክፍወስ ዘይክእል እንተኾይኑ ወይ ከኣ ተመሳሳሊ ምኽንያት። እዚ መሕተት ብናትኩም ኣላዩ/ኣላዩት ወይ ብቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ናብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ክቐርብ ይከኣል እዩ። ኣቐዲምኩም ግን ምስ ናትኩም ኣላዩ/ኣላዩት ከምኡ'ውን ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ክትዘራረቡ ኣለኩም።

እንታይ እዩ „Duldung“ („ምጥራዝ ደው ምባል“)፤

ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ትኾኑ ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ናትኩም ኣላዩ/ኣላዩት ወይ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ናይ Duldung መሕተት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከቕርቡ ይከኣል እዩ። ነዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ምኽንያቱ ትሕቲ-ዕድመ ስለ ዝኾንኩም ወይ ትምህርታዊ ወይ ሞያዊ ስልጠና (Ausbildung) ትገብሩ ስለ ዘለኹም። Duldung ኩሉ ግዜ ብተደጋጋሚ ክናዋሕ ይከኣል እዩ ክሳብ እቲ ምኽንያት(ትምህርቲ/ሞያ/ትሕቲ-ዕድመነት) ዘብቅዕ ወይ መሰል ናይ መንበሪ ፍቓድ (Aufenthaltserlaubnis) ምስ ዝህልወኩም፤ ንኣብነት ንብዙሕ እዋን ስለ ዝጸናሕኩም ወይ ናይ ስራሕ ቦታ ስለ ዝረኸብኩም።

## እንታይ እዩ „Ausbildungsduldung“፧

ኣብ ሓደ ትካል ናይ ሞያዊ ስልጠና ቦታ እንተ ረኺብኩም፣ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት እቲ ሞያዊ ስልጣን ክሳብ ዝወስዶ መጠን ግዜ ናይ Duldung ወረቐት ክወሃበኩም ኣብ ቤት- ጽሕፈት ወጻእተኛታት መሕተት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ'ውን ኣብ ትምህርታዊ ሞያዊ ስልጠና ሳሕቲ ይከኣል እዩ፤ እዚ ኸኣ ምስ ኣላዪኹም/ኣላዪትኩም ኬንኩም ኣብ ማእከላት ምኽሪ ወይ ብቐጥታ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ብምኻድ ክትሓቱ ኣለኩም። ኣብ ልዕሊ ካብ „ውሑሳት መበቆል ሃገራት“ ዝመጹ ሰባት ብዝምልከት ከምኡ'ውን ብኻልእ ምኽንያታት ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ንስራሕ እንተዘይ ኣፍቂዱ ወይ „እገዳ“ እንተ ገይሩ፣ ኩሉ ግዜ ቀይድታት ኣሎ ማለት እዩ። ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ብዛዕባ መሰላትኩም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዘለኩም ተኽእሎታት ተዘራረቡ።

## ስለምንታይ „እገዳ“ ይወሃበና፧

ኣብ ገለ ኩነታት ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ጠለባት ከቕርብ ይኽእል'ዩ፤ ንኣብነት ፓስፖርት ክህልወኩም ከም ዘለዎ። ነዞም ጠለባት እንተ ዘየማሊእኩም፣ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ገለ እገዳታት ኣብ ልዕሌኹም ከስገድድ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ሞያዊ ስልጠና ኣብ ትካላት ንኸይትገብሩ ናይ ስራሕ ፍቓድ ምኽልካል።

ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ካባኹም ዝኾነ ነገር እንተ ጠሊቡ ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ብዘየማትእ ተዘራረቡ። ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ኣብ ልዕሌኹም ዝኾነ እገዳ እንተ ኣስገዲዱ ክመኽሩኹም ከምኡ'ውን ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።



# ተኽእሎታት ብዛዕባ ጉዳይ ምንጻግ፣ ምውጻእን ምጥራዝን

ኣሉታዊ ውሳነ ካብ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጻኣተኛታት ናይ ምጥራዝ ውሳነ ኣይኮነን፤ ናይ መጀመርያ ኣሉታዊ ውሳነ ኣብ ሕቶ ዑቕባኹም ጥራይ እዩ። ኣብያተ-ጽሕፈታትን በዓል-መዝን ጌጋታት ይገብሩ እዮም፤ ኣንጻር'ዚ ውሳነ ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ክትጠርዑ (Klagen) ትኽእሉ ኢኹም። ኣንጻር'ዚ ኣሉታዊ ውሳነ ተቓርቡሉ ናይ ጥርዓን ግዜ ኣዝዩ ሓጺር እዩ፣ ሓደ ሓደ እዋን ውሑዳት መዓልታት ጥራይ እዩ ዘለኩም። ኣብ ናይ መንበሪ (መጽንሒ) መሰል ዘተኮረ ጽቡቕ ምኽሪ ከምኡ'ውን ተጣባቒ/ተጣባቒት ብቕልጡፍ ከድልየኩም እዩ።

ኣገዳሲ፦ ኣብ መስርሕ ሕቶ ዑቕባ ካብ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደትን ምንጻግ (Ablehnung) እንተ መጺእኩም ወይ ብሰብኣዊ ምኽንያት ናይ ምጽናሕ ሕቶኹምብቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት እንተ ተነጺጉ፣ ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ብቕልጡፍ ተዘራረቡ። ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ንናትኩም Duldung ወይ Aufenthaltsgestattung እንተዘይ ኣናዊሕዎ ምስኦም (ምስ ኣለይትኹም) ብቕልጡፍ ተዘራረቡ። „ጠለብ ብወለንታ ምውጻእ" ዝብል ሰነድ እንተ ተቐቢልኩም ወይ ናይ ምጥራዝ ስግኣት እንተሃሊኩም ንኣለይትኹም ተወከሱ። እዞም ኣለይቲ ናይ ምኽሪ ማእከል ከምኡ'ውን ተጣባቒ/ተጣባቒት ኣብ ምርካብ ክተሓባበሩኹም እዮም።

ኣንጻር'ዚ ኣሉታዊ ውሳነ ብዙሕ ኣማራጺታት ኣሎ፣ „Petitionsverfahren"፣ „Härtefall-kommission"፣ „ዑቕባ ቤተ-ክርስትያን" ከምኡ'ውን ሰብ መራኸቢ ብዙሃን ምጥቃም ይከኣል እዩ። ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኩነታትኩም ምስ ካልኦት ተዘራረቡ። ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ኣድህቦ ክትገብሩ ፈትኑ። እዚ ኣድካምን ከቢድን እዩ፤ ተስፋ እንተ ዘይቆሪጽኩም ግና ብሓገዝ መሓዙትኩም፣ ኣዕሩኽትኹም፣ መማህርትኹም፣ ኣለይትኹም፣ ተኻናኽንትኹም፣ ማሕበራትን ብዙሓት ካልኦትን መንገዲ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ስድራና ናብ ጀርመን ከነምጽኦም ንኽእል ዲና፧

ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ትኾኑ ኣብ ጀርመን ምስ ስድራኹም ብሓንሳብ ክትነብሩ መሰል ኣለኩም። እዚ ማለት ከኣ ስድራኹም ኣብዚ ዘይነብሩ እንተኾይኖም ናባኹም ናብ ጀርመን ክመጹ መሰል ኣለውም። ስድራኹም ናብ ጀርመን ክመጹ እንተኾይኖም ትሕቲ- ዕድመ ኣሕዋትኩም ምስኦም ብሓባር ናብ ጀርመን ክመጹ ይኽእሉ እዮም ብዘይብኦኦም ክነብሩ ዘይክእሉ እንተኾይኖም። እዚ ኸኣ „ምትእኽኻብ ስድራቤት“ ተባሂሉ ይጽዋዕ።
ስድራኹም ናብ ጀርመን ንኽመጹ ዝተሓላለኹ ሕግታት ኣለው። ክሳብ ክንደይ ዝተሓላለኽ'ዩ ንዝብል ሕቶ ኣብ ናይ መንበሪ ፍቓድኩም ከምኡ'ውን ዕድመኹም ይምርኮስ።

ኣየኖት ቅድመ-ኵነታት ክማልኡ ኣለዎም፧
እቲ ናይ መጀመርያ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኩነት ዑቕባ ወይ ናይ ስደተኛ ደገፍ (Flüchtlingsschutz) መሰል ክህልወኩም ኣለዎ። Subsidiärem Schutz እንተ ተዋሂብኩም ዋላ ከቢድ ይኹን ክትፍትኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሉ ግዜ ፍሉያት (ተወሰኽቲ) ሕግታት ኣለው፤ ምስ ኩነታት ናይ መንበሪ ፍቓድኩም ዝከእል እንተኾይኑ ብዛዕባኡ ሓበሬታ ክህልወኩም ይግባእ።
እቲ ካልኣይ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኵነት ድማ ስድራኹም ናብ ጀርመን ንኽመጹ መሕትት ኣብ ዘቕረብክምሉ እዋን ከምኡ'ውን ስድራኹም ናብ ጀርመን ኣብ ዝመጽእሉ እዋን ትሕቲ ደቂ 18 ዓመት ክትኮኑ ኣለኩም ከምኡ'ውን ኣቦኹም ይኹን ኣዴኹም ኣብ ጀርመን ምሳኹም ክህልው የብሎምን።

እዞም ቅድመ-ኵነታት እንተ ተማሊኦም፣ ስድራኹም ምስ ኣሕዋትኩም ኣብ ኤምባሲ ጀርመን ናይ ምትእኽኻብ ስድራቤት መሕትት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ'ቲ ዝነብሩሉ ሃገር ክገብርዎ ኣለዎም። ኣብዚ'ውን ፍሉይነት ክህሉ ይኽእል'ዩ።እዚ መስርሕ ኣዝዩ ዝተሓላለኽ እዩ። እዚ ከመይ ኣቢሉ ከም ዝሰርሕ ተጣባቒ/ተጣባቒት ወይ ናይ ምኽሪ ማእከላት ብዝበለጸን ብልክዕን ክገልጹልኩም ይኽእሉ እዮም።


እቲ ካልእ ኣማራጺ ናይ ምትእኽኻብ ስድራቤት፣ ስድራኹም፣ ዓበይቲ ኣሕዋትኩም ከምኡ'ውን ኣዝማድኩም ኣብ ኤውሮጳ እንተ ሃልዮምኹም እዩ። ናብኦም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ኣብኡ'ውን ዑቕባ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ኣብ ጀርመን ዝውደብ ኰይኑ፣ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ ከምኡ'ውን ሰብ-መዚ ጀርመን ምስኡ ክሰማምዑ ኣለዎም።






## ናይ „ዳብሊን ሕጊ (ኣገባብ) እንታይ እዩ“፧

ኣቐዲምኩም ኣብ ካልእ ሃገር ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኔርኩም ዲኹም፧
ኣብኡ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ሂብኩም ዲኹም፧
ኣብ ካልእ ሃገር ናይ ዑቕባ መሕትት ኣቕሪብኩም ዲኹም፧
ናብ ጀርመን ምስ መጻእኩም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ጽሕፈታት ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ሂብኩም ትኾኑ። እዚ ድማ ኣብ ናይ ኮምፒተር ዳታ ተኸዚኑ ምስ ዘሎ ዓሻራታት ናይ ስደተኛታት ይነጻጸር። በዚ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ኣቢሉ ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር እንተ ኔርኩም ከምኡ'ውን ናይ ዑቕባ መሕትት ኣቕሪብኩም እንተ ኼንኩም ክርአ ይከኣል እዩ።
ጀርመን ኣባል ሃገር ኤውሮጳዊ ሕብረት (Europäischen Union (EU)) እያ። ኣብ መላእ ኤውሮጳዊ ሕብረት ብ“ስርዓት ዱብሊን“ ዝፍለጥ ሕጊ ኣሎ። እዚ ድማ ስደተኛ ኣበየናይ ሃገር ዝጸንሓሉ ቦታ ይውስን። መብዛሕትኡ እዋን ልዕሊ ዕድመ ናብ'ታ ናብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኣተውላ ሃገር ክምለሱ ይግደዱ እዮም። እዚ ግን ንብዘይ መሰነይታ ዝመጹ ናይ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት (unbegleitete minderjährige Flüchtlinge) ኣይምልከቶምን እዩ ብፍላይ ኣብ ጀርመን ናይ ዑቕባ መሕትት እንተ ኣቕሪቦም።



Schule
መባእታ ቤት-ትምህርቲ
4/6 ዓመታት ግዴታ ንኹሎም ተማሃሮ
9 ዓመታት
10 ዓመታት
12 ወይ 13 ዓመታት
9-13 ዓመታት
Schule
Schule
Schule
Schule
+
+
=
Hauptschule
Realschule
Gymnasium
ሓፈሻዊ ትምህርቲ
Hauptschulabschluss
Realschulabschluss
Abitur
ብቐንዱ ኣብ ናይ ኢደ-ብልሓት ሞያዊ ስልጠናታት
(ዳርጋ) ኣብ ኩሎም ሞያዊ ስልጠናታት
ኣብ ኩሎም ሞያዊ ስልጠናታት ኣፍደገ ናብ ዩኒቨርሲቲ ምእታው

# ትምህርቲ
## ሕጂ ገለ ነገር ተማሃሩ!

ኣብ ጀርመን ትምህርቲን ሞያዊ ስልጠናን እቶም ኣገደስቲ ስጉምታት ናብ ዝሓሸን ውሑስን መጻኢ እዮም። ስርዓተ ትምህርቲ ጀርመን ቅሩብ ዝተሓላለኽ'ዩ ምኽንያቱ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ብዛዕባኡ ናታ ሕግታት ስለ ዘለዋ። ስለ'ዚ ብዛዕባ ዘለው ተኽእሎታትን ዕድላትን ካብ ብዙሓት ካልኦት ሰባት ብፍላይ ካብ መምህራንኩም ከምኡ'ውን ካብ ኣለይትኹም ሓበሬታ ክትረኽቡ ኣለኩም። ብሓባር ምስኦም ብምኳን ንዓኹም እቲ ዝሓሸ ንምርካብ ፈትኑ።

ኣብ ጀርመን ግዴታዊ ትምህርቲ (Schulpflicht) ንህጻናትን መንእሰያትን ኣሎ፤ እዚ ማለት ድማ ንቤት-ትምህርቲ ክትከዱ መሰልን ግቡእን ኣለኩም። ናብ ቤት-ትምህርቲ ምጽንባር ክፍሊት የብሉን። ዝተፈላለያ ዓይነታት ትምህርቲ ኣሎ። ብመጀመርያ ኩሎም ህጻናት ናብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ይኸዱ። ብድሕሪ'ዚ ኩሎም ናብ ተወሳኺ ደረጃ ትምህርቲ ይመጹ። ኣበየናይ ዞባ ከም ትነብሩ ኣብ ግምት ኣትዩ፣ ኣብዞም ዝስዕቡ ይምቀሉ፦ Hauptschule, Realschule, Gymnasium, Integrierte Sekundarschule ከምኡ'ውን Gesamtschule።

ኣበየናይ ላዕለዋይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ትጽንበሩ ንምውሳን ኣብ ኣካድያምያዊ ብቕዓትኩም ከምኡ'ውን ነጥብኹም ይምርኮስ። ምስ ናትኩም መምህራን፣ ኣለይቲ ከምኡ'ውን ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓባር ብምኳን ክትውስኑ ትኽእሉ ኢኹም።

ሞያዊ ስልጠና ክትገብሩ Hauptschulabschluss ወይ Realschulabschluss ዳርጋ ኩሉ ግዜ ከድልየኩም እዩ፤ እዚ ከኣ ካብ ሞያ ናብ ሞያ ይፈላለ እዩ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃሩ ክትክእሉ Abitur ክህልወኩም ኣገዳሲ እዩ። Fachabitur ዝበሃል'ውን ኣሎ ኣብ ግብራዊ ትምህርቲ (ፋኽሆኽሹለ) መታን ክትመሃሩ ክትክእሉ።
ኣብ እዋን ትምህርቲ ልምምድ (ፕራክቲኩም) ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ሞያ ብዝበለጸ መታን ክትመሃሩ ልምምድ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ልምምድ ክትገብሩ ፍቓድ ኣየድልየኩምን እዩ። ኣብ ጀርመን ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ልምምዳት ኣለው። ንገለ ካብ'ዞም ልምምዳት ፍቓድ ናይ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከምኡ'ውን ናይ ቤት- ጽሕፈት ዕዮ (ጆብ ሰንተር) የድለየኩም እዩ።

## ቤት-ትምህርቲ ቀሊጢፍና ክንጅምር ንኽእል ዲና፧

ቅድሚ ዝኾነ ነገር ክትገብሩ ምኽኣልኩም ቋንቋ ጀርመን ክትመሃሩ ኣለኩም። ትሕቲ 18 ዓመት እንተኼንኩም፣ ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ንስደተኛታት መንእሰያት ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ፍሉይ ናይ መዳለዊ ክፍሊ ትጅምሩ። እቶም ናይ መምሃሪ ክፍልታት ዝተፈላለየ ኣስማት ኣለዎም፣ ንኣብነት ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ክፍሊ፣ ናይ ውህደት (ኢንተግራስዮን) ክፍሊ፣ ናይ ስደተኛታት ክፍሊ። ቋንቋ ጀርመን ብቕልጡፍ ክትዛረቡ እንተ ጀሚርኩም ናብ ስሩዕ ቤት-ትምህርቲ ክትቅየሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ብቐጥታ ናብ ስሩዕ ቤት-ትምህርቲ እውን ክትኣትው ትኽእሉ ኢኹም ከምኡ'ውን ተወሳኺ ናይ ቋንቋ ጀርመን ትምህርቲ ይወሃበኩም።


## እንታይ እዩ ሞያዊ ስልጠና፧ ንዕኡ ክንገብር ንኽእል ዲና፧

ትምህርቲ ኣድኪምኩም ድዩ፧ ከምኡ እንተኾይኑ፣ ብግብሪ ንኽትሰርሑ ክትክእሉ ከምኡ'ውን ድሒሩ ጽቡቕ እቶት ክህልወኩም ናይ ስራሕ ሞያዊ ስልጠና ግበሩ! ብዘይ ሞያዊ ስልጠና ስራሕ ክትረኽቡ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ንዳርጋ ነፍሲ ወከፍ ስራሕ ናቱ ሞያዊ ስልጠና ኣለዎ።
ንሓደ ስራሕ ብግቡእ ክትመሃሩ ክትክእሉ ናይ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ትሕዝቶ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ናይ ስራሕ ከም ዝፈለጥክሞ ንምርግጋጽ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ፈተና ክትገብሩ ኣለኩም።



ብዛዕባ ናትኩም መደብ ሞያዊ ስልጠና ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዘለኩም ኣማራጺታት ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ከምኡ'ውን ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ወይ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ተዘራረቡ። ብተወሳኺ፣ ብዙሓት ናጻ ናይ ምኽሪ ማእከላት ምሳኹም ዝሰማማዕ ሞያዊ ስልጠና ኣብ ምርካብ ክተሓባበርኹም ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጀርመን ትምህርታውን ትካላውን ሞያዊ ስልጠና ኣሎ። ካባይ ከም ዝመጻኹም፣ ኣብ ጀርመን ክንደይ ግዜ ከም ዝገበርኩም ከምኡ'ውን እንታይ ዓይነት መሰል መንበሪ ፍቓድ ኣለኩም ብዘየገድስ ትምህርታዊ ሞያዊ ስልጠና ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም!

ትካላዊ ሞያዊ ስልጠና ዝለዓለ እጃም ናይ ግብራዊ ስራሕ ይሸፍን። ነዚ ክትገብሩ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት መብዛሕትኡ እዋን ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልየኩም እዩ („ፍቓድ ስራሕ“)። ኣስተብህሉ፡- መበቆል ሃገርኩም ከም „ውሕስቲ መበቆል ሃገር“ እንተ ተተቐጺራ፣ ናይ ዑቕባ መሕትት እንተ ኣቕሪብኩም ከምኡ'ውን ሕቶ ዑቕባኹም እንተ ተነጺጉ፣ ብዓይኒ ሕጊ ትካላዊ ሞያዊ ስልጠና ክትጅምሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።



# Abitur እንታይ እዩ፧ መን'ከ ክመሃር ይኽእል፧

ክትመሃሩ ኩሉ ግዜ ተገዳስነት ኣለኩም ድዩ፧ ሞያዊ ስልጠና ወይ ስራሕ ክትጅምሩ ተገዳስነት የብልኩምን ድዩ፧ ኣብ ትምህርቲ ተገዳስነት እንተ ኣሕዲርኩም ትምህርቲ ምምሃር ቀጽልዎ።

ስለ'ዚ ክሳብ 12/13 ደረጃ ክፍሊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብምምሃርን Abitur ብምግባርን ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ምክትታል ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃሩ እንተኼንኩም ኣብ ናትኩም መሰል መንበሪ ፍቓድ ከምኡ'ውን ኣበየናይ ዞባ ከም ትቕመጡ ይምርኮስ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃሩ ድሌት እንተለኩም፣ ሓገዝ ክትደልዩ ኣለኩም ከምኡ'ውን ማእከላት ምኽሪ ክትበጽሑ ኣገዳሲ እዩ።



# ትሕቲ ዕድመ እንከለና ክንሰርሕ ንኽእል ዲና፧

እወ ይከኣል እዩ፣ ግና ኣብ ትሕቲ ዝተወሰኑ ቅድመ-ኩነታት። ብዛዕባ'ዚ ምስ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናካኒት ብዘየጠራጥር ክትዘራረቡ ኣለኩም። ብተወሳኺ፣ ንቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክትሕብርዎም ኣለኩም። ገንዘብ ካብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ትቕበሉ እንተኼንኩም፣ ንእሽቶይ ክፋል ናይ ዶሞዝኩም ክትዕቅብዎ ትኽእሉ ኢኹም፧ እቲ ዝተረፈ ናብ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ክተመሓላልፍዎ ኣለኩም። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትሰርሑ (ስራሕ ኣብ እዋን ዕረፍት፣ ተደራቢ ስራሕ፣...ወዘተ) ኣየገድስን እዩ። ሓደ ኣረኣእያ ክግበረልኩም ዝኽእል ኣብ ናይ ወለንታ ስራሕ እንተ ተጸሚድኩም ከምኡ'ውን ካብኡ ዓስቢ እንተ ተዋሂብኩም ጥራይ እዩ።

ኣገዳሲ፦ ዘይተመዝገበ (ዘይሕጋዊ) ስራሕ ኣብ ጀርመን ኣይፍቀድን'ዩ፣ የቕጽዕ ከኣ እዩ።

## ሞያዊ ስልጠናን ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርትናን ከመይ ኣቢልና ንኸፍል፧

ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ዝወሃብ ሓገዝ ደው ምስ በለ እቲ ዝመጽእ ሕቶ ካበይ ገንዘብ ንቕበል እዩ። ኣብ እዋን ትካላዊ ሞያዊ ስልጠናኹም ገንዘብ ካብ'ቲ ሞያዊ ስልጠና ትገብሩሉ ቦታ ትወስዱ (ደሞዝ ሞያዊ ስልጠና)።

ትምህርቲ ቀጺልኩም ትምህርታዊ ወይ ትካላዊ ሞያዊ ስልጠና እንተ ጌርኩም ወይ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ እንተ ተኸታቲልኩም ገንዘብ ካብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (ሶሺያል ኣምት) ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ (ጆብ ሰንተር) ኣይትቕበሉን ኢኹም (ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ)። ስለ'ዚ፣ ንተማሃሮ ተባሂሉ ኣብ ዝተመደበ ናይ BaföG ደገፍ ወይ ናይ ሞያዊ ስልጠና ሓገዝ ክትምርኮሱ ኢኹም። እዚ ሓገዝ ክትወስዱ እንተ ኼንኩም እንታይ ዓይነት መሰል መንበሪ ፍቓድ ኣለኩም ከምኡ/ውን ኣብ ጀርመን ክሳብ ክንደይ ግዜ ከም ዝገበርኩም ይምርኮስ። ሓገዝ ንኽትሓቱ ከምኡ'ውን ኣማራጺታት እንተለው ንምርግጋጽ ማእከላት ምኽሪ ክትበጽሑ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ተማሃራይ BaföG ወይ ናይ ሞያዊ ስልጠና ሓገዝ እንተ ተቐቢልኩም ተወሳኺ ስራሕ ክትሰርሑ ዝከኣል እንተ ኾይኑ ሓበሬታ ርኸቡ።

## ገንዘብ እንተ ዘይኣኺሉ'ኸ፧

ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሓገዝ እንተ ዘይተቐቢልኩም ከምኡ'ውን ናይ BaföG ወይ ናይ ሞያዊ ስልጠና ሓገዝ ወጻኢታትኩም ኩሉ ንምሽፋን እኹል እንተ ዘይኮይኑ፣ ካብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ካብ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ክትረኽቡ መብዛሕእትኡ እዋን ጸገም ከም ዘለኩም ዝሕብር መሕትት ክተቕርቡ ኣለኩም። ብዛዕባኡ ክትጥንቀቕሎም ዘለኩም ነገራት ከኣ ኣስተውዕሉ።



## እንታይ እዩ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ፧

ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከተማን ከባቢን ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት እዩ። እዚ ቤት- ጽሕፈት ስራሕ ንዝደልዩ ዓቕሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ ሰባት ስራሕ ክሳብ ዝረኽቡ ይሕግዝ። ንመነባብሮ ዝሕግዝ ገንዘብ ኣብ ምሃብ ከምኡ'ውን ስራሕ ኣብ ምድላይ ይደጋገፍ። ኣብ ፍሉይ እዋን (ኣብ ናይ ጸገም እዋን) ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝመሃሩን ሞያዊ ስልጠና ዝገብሩን ሰባት ወጻኢታት ኣብ ምሽፋን ይነጥፍ።

ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ንገዛኻኹም፣ መነባብሮኹም ከምኡ'ን ንድሕነት ጥዕናኹም ይኸፍል። እዚ ቤት-ጽሕፈት ክሕግዘኩም እንተኾይኑ ግን ልዕሊ ዕድመ ክትበጽሑ ኣለኩም ከምኡ'ውን መንበሪ ፍቓድ ክህልወኩም ኣለዎ።






# ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት

ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት‘ውን ሓደ ቤት-ጽሕፈት እዩ። ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሓገዝ እንተ ዘይተቐቢልኩም፣ ንነብስኹም ገንዘብ ክተእትው እንተ ዘይኪእልኩም ከምኡ‘ውን ኣብ ትሕቲ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ እንተ ዘይሃሊኹም፣ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ክሕግዘኩም ሓላፊነቱ እዩ።

ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ንገዛኹም፣ መነባብሮኹም፣ ከምኡ‘ውን ንድሕነት ጥዕናኹም ይኸፍል። ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ክድግፈኩም እንተኾይኑ ልዕሊ ዕድመ ክትበጽሑ ኣለኩም፣ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ገና ዘይተወሰነ ክኸውን ኣለዎ ከምኡ‘ውን ሕቶ ዑቕባኹም እንተ ተነጺጉ ወይ „Duldung“ እንተ ሃልዩኩም እዩ።

ኑሃልያ (Nouhaila)፣ ጓል 20 ዓመት፣ሞሮኮ

ሃቫ ሞሪና (Hava Morina)፣ ጓል 16 ዓመት፣ ኮሶቮ

ዒቕባል ታሪክ (Iqbal Tariq)፣
ወዲ17ዓመት ካብ ፓኪስታን




ጎላም ራሱል ሃኪሚ (Gholam Rasool Hakimi)፣ ሃዛራ ካብ ኣፍጋኒስታን፣ ዕድመ፣ 19+

ዓይሽ (Aish )፣ ካብ ፓኪስታን፣ ጓል 17 ዓመት

ኣር. ምሃንዱ (R. Mhandu)፣ ወዲ 22 ዓመት

ዓሊ ሬዛ ሑሴን (Alireza Hossein)፣ ካብ ጋዚ ኣፍጋኒስታን፣ ወዲ 18 ዓመት እየ



ዋዕል ዛርዳህ (Wael Zardah)፣ ወዲ 16 ዓመት፣ ካብ ዶማስኩስ

ሶልጣን ኣክባሪ (Soltan Akbari)፣ ሃዛራ ካብ ኣፍጋኒስታን፣ ምሩቕ Abitur፣ ኣብ በርሊን ይቕመጥ

## ናይ ባንክ ሕሳብ ክንከፍት ንኽእል ድና፧

ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ ጀርመን ናይ ባንክ ሕሳብ ንምኽፋት መሰል ኣለዎ። ነፍሲ-ወከፍ ባንክ ኣብ ጀርመን ነዚ ክገብርን ባንክ ሕሳብ ክኸፍትን ይኽእል እዩ፣ እንተላይ ንዑቕባ ዝሓቱትን ናይ Duldung ወረቐትን ዘለዎም።



ንብዙሕ ነገራት ስለ ዘቃልል ናይ ባንክ ሕሳብ ምውጻእ ጽቡቕ ነገር እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ባንክ ሕሳብ ገንዘብ ከም ዘሎ ክተረጋግጹ ኣለኩም። ኣብ ባንክ ሕሳብኩም እኹል ገንዘብ ከይሃለወኩም ገለ ነገር እንተ ገዚእኩም ወይ እንተ ኸፊልኩም ተወሳኺ መቕጻዕቲ ክትከፍሉ ክትግደዱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣብ ናጻ ግዜና እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

ኣብ ጀርመን ኣብ ናጻ ግዜኹም ብዙሕ ነገራት ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ሃቫ (Hava) ብዛዕባ ናታ ንጥፈታትን ፕሮጀክትታን ክትገልጽ እያ፦

„ሰብ ዘደልዮ ኩሉ ነገራት ክገብር ይኽእል'ዩ። ኩዑሶ ይጻወት'የ ከምኡ'ውን ተዋስኦ ይፈቱ እየ። ኩሉ ምስ ስፖርት ዝተኣሳሰር ነገር ይስሕበኒ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ ትምህርቲ ኣብ Moabiter FSV ን Clara Outreach ን ክልተ ግዜ ኣብ ሰሙን ናይ ኩዕሶ ልምምድ ድሕሪ ትምህርቲ ይገብር ነይረ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ተወስኦታት ፈቲነ። ኣብ ናይ ቆልዑ ፕሮጀክት „Alice im Wunderland " ኣብ ትካል Gangway e.V. ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ቆልዑ ተዋስኦ ፈስቲቫል FESTIWALLA 2016 ካብ ቤት-ጽሕፈት ተዋስኦ መንእሰያት ተሳቲፈ። ኣብ ማሕበር HUCKEPACK ብምምዝጋብ ኣብኡ ናይ ናጻ ግዜ ምእላይ (ምሕብሓብ) ረኺበ። ምስ ናተይ ናይ ናጻ ግዜ ኣላዪት (ሓብሓቢት) ብገምጋም ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ንራኸብ፣ ካብ መንበሪ ቦታ ወጻኢ ድማ ብሓንሳብ ብዙሕ ነገራት ንገብር፣ ንኣብነት ብሽክለታ ምዝዋር ወይ ናብ ሲነማ ምኻድ። ሰብ ናይ ናጻ (ትርፊ) ግዜ ምእላይ (ምሕብሓብ) ክረኽበሉ ዝኽእል ካልኦት ማሕበራት ኣለዋ። ብርግጽ ኣብ ጥቓኹም'ውን ኣለው።

## ሓበሬታ ብዛዕባ መዓልታዊ ሂወት

## ክንገይሽ ንኽእል ዲና፧



ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ እንተሊኹም ወይ Duldung እንተለኩም ክትገሹ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ንኣብነት ቅድሚ ናብ ኣዝማድኩም ምብጻሕኩም ወይ ዑደት ናይቤት-ትምህርቲ ምግባርኩም፣ ምጽናሕኩም (ምንባርኩም) ኣብ ዝተወሰነ ዞባ ዝተሓጽረ ከይከውን ከምኡ'ውን ንኽንደይ እዋን ክትገሹ ከም ዘለኩም ክተረጋግጹ ኣለኩም። ኣብ ጀርመን ድሕሪ ምብጻሕኩም፣ ኣብ መጀመርያ ሰለስተ ኣዋርሕ ናብ ዝኾነ ቦታ ክትገሹ እንተ ደሊኹም መብዛሕትኡ እዋን ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ጀርመን ናብ ወጻኢ ሃገር ክትገሹ እንተ ደሊኹም ድማ ፍቓድ ካብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከድልየኩም እዩ።

ንመገሻ ናብ ወጻኢ ሃገር ንምፍቃድ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ንምጋሽ ዘሎ ቀይዲ ንምእላይ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ናብ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።

ነዚ ብዝምልከት ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ንበይኑ ይውስን። Aufenthaltsgestattung እንተለኩም ድማ ብሓባር ምስ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛትንን ብምኽኗን ይውስን።

## ኣብ ናይ ውልቀና ገዛ ክነብር ንኽእል ዲና፧

እዚ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ይምርኮስ። ሂወትኩም ብጽቡቕ ክትውድቡ እንተኺኢልኩም፣ ኣብ ናይ ደገፍ መደብ ዝርርብ ናትኩም ገዛ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ገዛ ምርካብ ግዜ ዝወስድ ዕማም ምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።



## መኪና ክንዝውር ንኽእል ዲና፧

መኪና ክትዝውሩ ክትክእሉ መምርሒ ፍቓድ መኪና ክተውጽኡ የድልየኩም እዩ። መምርሒ ፍቓድ መኪና ሓደ ግብራዊ ነገር እዩ፣ ብሓደ እዋን ዝግበር ኣይኮነን። ነፍሲ- ወከፍ ልዕሊ 18 ዓመት ዝበጽሐ ሰብ መምርሒ ፍቓድ መኪና ከውጽእ ይኽእል እዩ፤ መንነትኩም ዘረጋግጽ ሰነድ ክህልወኩም ግን ኣድላዪ እዩ።
ዝኾነ ሰብ ክሳብ መንበሪ ፍቓድ ዘይሃለዎ፣ ናይ ጥምቀት ወረቐት ምስክር ወይ ብቑዕ ፓስፖርት ከርኢ ክሳብ ዘይከኣለ፣ ፈተና ናይ መምርሒ ፍቓድ መኪና ክገብር ኣይክእልን እዩ። መምርሒ ፍቓድ መኪና ንምውሳድ ናይ ክልሰ-ሓሳባን ግብርን ፈተና ኣሎ። ብተወሳኺ፣ እኹል ገንዘብ ከም ዘለኩም ክተረጋግጹ ኣለኩም ምኽንያቱ መምርሒ ፍቓድ መኪና ንምውጻእ ብዙሕ ስለ ዝኸፈሎ።

## ኣበይ ሓገዝ ክንረክብ ንኽእል፧

ናይ ዑቕባ ኣገባብን መንበሪን
ካብ ማእከላት ምኽሪ ንሕቶ ዑቕባኹም ዝምልከት ምኽሪ ክትረኽቡ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ሕቶታት ወይ ብዛዕባ ጭቡጥ ነገራት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ንኣብነት ብዛዕባ ሰነዳት ናይ ቃለ-መጠይቕ ኣብ መስርሕ ዑቕባ። ኣብ ብዙሓት ከተማታት ናይ ምኽሪ ማእከላት ኣለዋ። ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ወይ ኣላዪ/ ኣላዪት ብዛዕባ ኣብ ጥቓኻኹም ክርከባ ዝኽእላ ማእከላት ምኽሪ ክነግሩኹም ይኽእሉ እዮም።
ተጣባቒ መሰል/ተጣባቒት መሰል

### ተጣባቒ/ተጣባቒት የድልየና ድዩ፧

ተጣባቒ/ተጣባቒት ሳሕቲ ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ኣብ መስርሕ ምሕታት ዑቕባ፣ ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ወይ ፖሊስ ክትቀርቡ እንተኼንኩም ወይ ዓመጽ እንተ ኣጋጢምኩም።

### ተጣባቒ/ተጣባቒት እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ፧

ተጣባቒ/ተጣባቒት ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈታት ክውክሉኹም ይኽእሉ እዮም (ኣብ ከም በዓል ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን፣ ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ወይ ቤት- ጽሕፈት ዕዮ)። ንሱ/ንሳ መሰልኩም ኣብ ምትግባር ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም። ዝጎድኣኩም ካልእ ሰብ እንተሎ'ውን ኣንጻሩ ኣብ ምጥራዕ ክተሓባበሩኹም ይኽእሉ እዮም። ተጣባቒ/ተጣባቒት ደብዳበታት ኣብ ምምላስን ጥርዓን ኣብ ምጽሓፍን ክድግፉ ይኽእሉ እዮም።
ኣብ ኩሎም ንመሰልኩም ዝምልከቱ ኣሉታዊ ምዕባለታት ኣብ ጎድንኹም ኣለው፣ ንኣብነት ሕማቕ ደብዳበ እንተመጺእኩም ወይ ክትጥረዙ እንተኼንኩም። ኣብ እዋን ቃለ-መጠይቕ ጠበቓ ምስኹም ይመጽእ እዩ።

### ንጠበቓ መን ይኸፍሎ ፧

ንጠበቓ ባዕሉ ሰብ ክኸፍሎ ኣለዎ፤ ንመንእሰያት ትሕቲ ዕድመ ግን ሓገዛት ክረኽብሉ ዝኽእሉ ተኽእሎታት ኣሎ። ስለዚ ምስ ናትኩም ኣላዪ/ ኣላዪት ክትዘራረቡ ኣለኩም። ውሑድ ገንዘብ ንዘለዎም ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ሓገዛት ይወሃብ እዩ። ስለ'ዚ ሰብ ምስ ተጣባቒ/ ተጣባቒት ክዘራረብ ኣለዎ።

### ብኸመይ ጠበቓ ንሕና ንረክብ፧

ንናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት፣ ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት፣ ኣዕሩኽትኹም፣ ኣዝማድኩም ወይ ናይ ምኽሪ ማእከላት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ኣድልዎ፡-

ኣብ ልዕሌኹም ወይ ኣብ ልዕሊ ኣብ ከባቢኹም ዘለው ሰባት ኣድልዎ (ኣፈላላይ) ከጋጥም ይኽእል እዩ። ኣድልዎ ማለት ውልቀ-ሰባት ወይ እኩባት ሰባት መግዳዕቲ እንተ ኣጋጢምዎም እዩ። እዚ ዝተፈላለየ ጠባያት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ሰባት መብዛሕታኡ ግዜ ብፍላይ ብምኽንያት ጾታኦም፣ ሕብሪ ቆርበቶም፣ መበቆሎም፣ ሃይማኖቶም ወይ ጾታዊ ኣንፈቶም ኣፈላላይ/ኣድልዎ ከጋጥሞም ይኽእል እዩ።

ኣብ ጀርመን ኣድልዎ ክልኩል እዩ፤ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግን ብተደጋጋሚ የጋጥም እዩ። ነዚ ክትቅበልዎ ወይ ክትስከምዎ የብልኩምን። ሓገዝ ንኽትረኽቡ ንትኣምንዎም ሰባት ወይ ማእከላት ምኽሪ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሓገዝ ኣብ ተመክሮ ዓመጽ፡-

ዝኾነ ሰብ ንዓኹም ክጎድኣኩም ከምኡ'ውን ንዓኹም ይኹን ንኻልእ ዝሃሲ ክትገብሩ ከግድደኩም መሰል የብሉን። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ዓመጽን ምግዳድን ኣለው፣ ንኣብነት ገለ ትሕቲ ዕድመ ኣወዳትን ኣዋልድን ካብ ካልኦት ሰባት ክሰርቁ ይግደዱ፣ ክልምኑ፣ ሓሽሽ ክሸጡ፣ ክምንዝሩ ወይ ኣብ ክንዲ ትምህርቲ ንኻልኦት ወኪሎም ክሰርሑ ይግደዱ። ገለ ትሕቲ ዕድመ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ይህረሙ፤ ካልኦት ድማ ስድራኦም ብምፍርራህ ጸቕጢ ይወርዶም። ገለ ትሕቲ ዕድመ ኣወዳትን ኣዋልድን ጾታዊ ዓመጽ የጋጥሞም እዩ። ነዚ ዝገበረ ወይ ዝገበረት ሰብ ጓና ወይ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ክኸውን ይኽእል እዩ (ንኣብነት ኣባል ስድራቤት)።

ንስኹም ንበይንኹም ኣይኮንኩምን! ሓገዝ ክህቡኹም ዝኽእሉ ማእከላት ምኽሪ ኣለው ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምፍርራህን ግፍዕን ስግኣት እንተሎ ደገፍ ክትረኽቡሉ እትኽእሉ ትካላት ኣለው። እዞም ናይ ምኽሪ ማእከላት ብዛዕባ ዓርክኹም ወይ ማሓዛኹም እንተ ተሸጊርኩም እውን ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ ተመክሮኹም ከምኡ'ውን ዘለኩም ስግኣት እተዕልልዎ ትኣምንዎ ሰብ ኣናድዩ። እዚ ድማ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት፣ ኣላዩ/ኣላዪት፣ መምህር ወይ ኣብ ቤት- ትምህርቲኹም ዘሎ ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ሰራሕተኛ፣ ሓኪም፣ ፖሊስ፣ ጎረቤት ዓርክን መሓዝን ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዞም ሰባት ብግቡእ ክሰምዑኹም እዮም፤ ማእከል ምኽሪ ኣብ ጥቓኹም ንምርካብ'ውን ክተሓባበሩኹም እዮም።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከተማ ማእከላት ምኽሪ ኣለዎ። ስምኩም ከይጠቐስኩም ብዛዕባ ጸገማትኩምን ዘለኩም ስግኣትን እትዛረቡሉ ናይ ተሌፎን መስመርን ሓገዝን ኣብ መላእ ጀርመን ኣሎ።

## ሓበሬታ፡-

ደገፍ፣ ሓገዝ፣ ሓለዋ እንተ ኣዳልዩኩም ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክሕግዘኩም ግቡእ እዩ። ኣብ ነውሲ-ወከፍ ዞባ ናይ ጀርመን ናይ ህጹጽ መስመራት ተሌፎን ከምኡ'ውን ማእከል ሓለዋ ቆልዑን መንእሰያትን ኣሎ። ንትሕቲ ዕድመ ኣዋልድን ንኣሽቱ ኣንስትን፣ 08000 116 016

ንLSBTQI: www.queer-refugees.de

ዓመጽን ግፍዕን ናብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማም ከምርሕ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ኣብ ማእከላት ፍወሳ (ቴራፒ) ስደተኛታት ክፍወስ ይከኣል እዩ። ዝርዝራትን ኣድራሻን ናይዘን ማእከላት ፍወሳ በዚ ዝስዕብ ክርከብ ይከኣል'ዩ፣ www.baff-zentren.org።

## A

[Abschiebeverbot] = ጀርመን ኩነታት መበቆል ዓድኹም ብጭቡጥ ኣስጋኢ (ሓደገኛ) ኣይኮነን ክትብል ትኽእል ኢኻ። ትሕቲ ዕደመ ስለ ዘኾንኩም ወይ ስለ ዝሓመምኩም ግና ናብ መበቆል ሃገርኩም ክትምለሱ ኣይትኽእሉን ኢኹም ምኽንያቱ ኣብ መበቆልሃገርኩም ንዓኹም ብውልቂ ሓገዝ ወይ ክንክን ስለ ዘየልቦ። ስለዚ Abschiebeverbot ይወሃበኩም ከምኡʻውን ኣብ ጀርመን ንመጀመርያ ክትጸንሑ ትኽእሉ።

[Abschiebehindernisse]=Abschiebehindernisse ምስ ዝህልወኩም መንበሪ ፍቓድ የብልኩምን ማለት እዩ። ኣብ መጀመርያ ግና እንተወሓደ ክትጥረዙ ኣይትኽእሉን ኢኹም። Duldung ድማ ይወሃበኩም።

Ablehnung [ምንጻግ] = ምንጻግ እቲ ናይ መጀመርያ ኣሉታዊ ውሳነ ኣብ መስርሕ ሕቶ ዑቕባኹም እዩ። ኣንጻርʻዚ ኣሉታዊ ውሳነ ተቛውሞ ክትገልጹ ውሑድ ግዜʻዩ ዘለኩም ከምኡʻውን ብቕልጡፍ ተጣባቒ/ተጣባቒት ክትገብሩ ኣለኩም።

Alterseinschätzung [ገምጋም ዕድመ] = ናይ መንነት ሰነድ ምሳኹም እንተ ዘይብልኩም፣ እቲ ዝሃብክሞ ዕድመ ዘይክእመን ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ገምጋም ዕድመኹም ክግበር እዩ ከምኡʻውን ብሓገዝ ሕክምናዊ መርመራ ዕድመኹም ክንደይ ምዃኑ ንምግምጋም ክፍተን እዩ።

Asyl [ዑቕባ] = ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ዑቕባ ማለት ካብ ሓደጋ (ንኣብነት ግፍዒ) ብምእላይ ሓገዝ ክትረኽብሉ እትኽእሉ ውሑስ ቦታ እዩ። ዑቕባ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ መሰላት ከምኡʻውን ኣካል ናይ መሰረታዊ ሕጊ ኣብ ጀርመን እዩ። ሕቶ ዑቕባ ንኹሎም ኣብ መበቆል ሃገሮም ፖለቲካዊ ግፍዒ ንዝወረዶም ሰባት ዝምልከቶም እዩ። ዑቕባ ዝተወህቦ ሰብ ንመጀመርያ ሰለስተ ዓመት ኣብ ጀርመን ክነብር ይኽእል።

Asylantrag [መሕተት ዑቕባ] = ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ-ጽሕፈት (ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ፖሊስ ወዘተ) ዑቕባ ከም ዘድልየኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ብድሕሪʻዚ ሕቶ ዑቕባኹም ናብ ፈደረላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ብጽሑፍ መልክዕ ክተቕርቡ ትኽእሉ እንተኼንኩም ክተረጋግጹ ኣለኩም። ዑቕባ ምሕታት ማለት ኣብ ትሕቲ መሰረታዊ ሕጊ ጀርመን ወይ „ኣህጉራዊ ደገፍ“ ዑቕባ ንኽትረኽቡ ዝጠልብ እዩ።

Asylverfahren [መስርሕ ዑቕባ] = ኣብ ጀርመን ኣብ ፈደረላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ዑቕባ ድሕሪ ምሕታትኩም፣ ብጭቡጥ ዑቕባ ክወሃበኩም ድዩ ኣይወሃበኩምን ክምርመርን ክውሰንን እዩ። እዚ ድማ መስርሕ ዑቕባ ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ግዜʻውን ክወስድ ይኽእል እዩ።

Aufenthalt [መንበሪ (ምጽንሒ)] = ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ መንበሪ (መጽንሒ) ሰብ ዝነብረሉ ቦታ ማለት እዩ። ብዓይኒ ሕጊ ድማ መንበሪ ማለት ወጻእተኛታት ኣብ ጀርመን ንዝተወሰነ እዋን (ገደብ ዘለዎ) ወይ ንዘይተወሰነ እዋን (ገደብ ዘይብሉ) ንኽነብሩ ዝወሃብ ፍቓድ እዩ። መሰል መንበሪ ብመሰረት ሕጊ ናይ መንበሪ ዝምሕደር ኮይኑ፣ ብመልክዕ መንበሪ ፍቓድ ብቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ይወሃብ።

Aufenthaltserlaubnis [መንበሪ ፍቓድ] = ኣብ ጀርመን ንኽትነብሩ ዝወሃብ ግዝያዊ ፍቓድ እዩ።

Aufenthaltsgesetz (AufenthG) [መንበሪ (መጽንሒ) ሕጊ] = ወጻእተኛታት ናብ ጀርመን ንምእታው፣ ካብ ጀርመን ንምውጻእ ከምኡʻውን ኣብ ጀርመን ንምጽናሕ ተባሂሉ ዘማሕድር ሕጊ እዩ።

[Aufenthaltsgestattung] = ኣብ እዋን መስርሕ ምሕታት ዑቕባ ዝወሃብ ናይ መጽንሒ መሰል እዩ።

Aufenthaltstitel [መንበሪ ፍቓድ] = ኣብ ጀርመን ከም ወጻእተኛ ኬንኩም ንኽትነብሩ ብቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ብጽሑፍ ዝወሃብ ፍቓድ እዩ።

Ausbildung [ሞያዊ ስልጠና] = ዝመረጽክሞ ሞያ እትቕስሙሉ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመትን መንፈቕን ዝወስድ ትምህርቲ እዩ።

## B

**Behörde/n** [ቤት-ጽሕፈት/ኣብያተ-ጽሕፈት] = ኣብያተ-ጽሕፈት ሕግታት ዘትግብሩ መንግስታውያን ትካላት እዮም፣ ንኣብነት ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት።

**Betreuer/Betreuerin** [ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት/(ቤትሮየር/ቤትሮይሪን)] = ኣብ ጀርመን ኣብ'ቲ ትነብሩሉ ገዛ ዝሰርሑ እኹላት ሰባት እዮም። ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒት ኣብ ጎድንኹም ኣለው ከምኡ'ውን ኣብ መዓታዊ ሂወትኩም ይሕግዙኹም። ተኻናኻኒ ንኣብነት ናብ ሓኪም ወይ ክትገዝኡ ክትከዱ ከለኹም የሰንዩኩም፤ ኣብ ጀርመን ንሂወትኩም ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት ይገልጸልኩም፤ ቤት-ትምህትን ናይ ቋንቋ ትምህርትን ኣብ ምርካብ ይተሓባበረኩም።

**Bundesland** [ዞባታት] = ጀርመን 16 ዞባታት ኣለዋ፤ እዚኣን ናጻ ሃገራት ኣይኮናን፤ ናተን መንግስትን ሕግን ክህልወን ግን መሰል ኣለወን። እዚ ማለት ድማ ኣብ ገለ ጽላታት ናጽነት ኣለወን፣ ንበይነን'ውን ክውስና ይኽእላ እየን።

**BumF** [ፌደራላዊ ማሕበር ናይ ብዘይ መሰነይታ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት] = ንመሰላት ብዘይ መሰነይታ ዝመጹ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት ዝሰርሕ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዩ። ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት ውልቃዊ ሂወቶም መታን ክሃንጹ ኩነታቶም ኣብ ምምሕያሽ ይሰርሕ።

ናይ'ዚ ማሕበር ናይ ኢንተርነት ገጽ፣ www.b-umf.de፤ ፈይስቡክ: https://www.facebook.com/bumfev/

## C

**Clearingverfahren** [ናይ ምጽራይ ኣገባብ] = ኣብ መስርሕ ምጽራይ፣ ከም ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት፣ ብዛዕባ ዘድልይኹም ከምኡ'ውን ትጠልብዎም ሓገዛትን ክንክንን ይንጽር። ህልው ኩነታት ጥዕናኹም ይምርመር። ኣዝማድ ኣብ ጀርመን ወይ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝነብሩ እንተውኹም ይበርህ ከምኡ'ውን ኣበየናይ ቤት-ትምህርቲ ክትከዱ ከም ትኽእሉ ይንጽር። ብተወሳኺ፣

# ናይ ቃላት/ኣምራት ትርጉም

ድሕሪ ባይታን ኩነታት ጉዕዞ ናይ ስደትኩም ይበርህ ከምኡ'ውን ናይ መጀመርያ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎኹም ይንጽር። እዚ ኩሉ ብናትኩም ናይ ኣካል ተሳትፎ እዩ ዝግበር። ምስ'ዚ ዝተረኽበ ሓበሬታ ድማ ንዓኹም ናይ „ደገፍ መደብ" ይወጽእን ንመጻኢኹም ዝምልከት ኩሎም ናይ ምድጋፍ ስጉምትታት ይጸሓፉን።

## D

**Dolmetscher/in oder Übersetzer/in** [ተርጓሚ/ተርጓሚት] = ብዙሕ ቋንቋታት ዝኽእሉ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ዝርርባትን ሰነዳትን ናብ'ቲ እትርድእዎ ቋንቋ ዝትርጉሙ ሰባት እዮም።

**Dublin-Verordnung** [ናይ ዳብሊን ሕጊ] = ኣብ መላእ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ተግባራውነት ዘለዎ ሕጊ ኮይኑ፣ መስርሕ ሕቶ ዑቕባኹም ኣበየነይቲ ሃገር ከም ዝካየድ ይውስን።

**Duldung** = ናይ መንበሪ (መጽንሒ) መሰል እንተ ዘይተዋሂብኩም Duldung ትወሃቡ። Duldung ክወሃበኩም ይኽእል'ዩ ምኽንያቱ ትሕቲ-ዕድመ ስለ ዝኾንኩም ወይ ትምህርታዊ ወይ ሞያዊ ስልጠና ትገብሩ ስለ ዘለኹም። Duldung ኩሉ ግዜ ብተደጋጋሚ ክናዋሕ ይከኣል'ዩ ክሳብ እቲ ምኽንያት (ትምህርቲ/ሞያ/ትሕቲ-ዕድመነት) ዘብቅዕ ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድ መሰል ምስ ዝህልወኩም።

## E

**Europäische Union (EU)** [ኤውሮጳዊ ሕብረት] = ሕብረት ናይ 28 ሃገራት ኤውሮጳ ኮይኑ፣ 500 ሚልዮን ተቓማጦን ሓባራዊ ባጤራን (ኤውሮ) ይውንን ከምኡ'ውን ሕጊ ናይቲ ሕብረት ዝውስን ሓባራዊ ባይቶ ኣለዎ።

## F

**Familiengericht** [ናይ ስድራ ቤት-ፍርዲ] = ብዛዕባ ጉዳያት ስድራ ውሳነ ዝህብ ቤት-ፍርዲ እዩ። እዚ ድማ ንሕቶታት ብዘይ ስድራ ኣብ ጀርመን ንዝነብሩ ቆልዑን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን የጠቓልል ከምኡ'ውን ብዛዕባ እንታይ ከጋጥሞም ይኽእል ይምልስ። እዚ ናይ ስድራ ቤት-ፍርዲ፣ መሕተት ምስ ዝቐርበሉ፣ ገና ልዕሊ ዕድመ ንዘይኮኑ ቆልዑን መንእሰያትን ኣላዩ ይምድብ። ዝኾነ ሰብ ናብ'ዚ ቤት-ፍርዲ ነዚ መሕተት ክቐርቦ ይኽእል እዩ።

**Familienzusammenführung** [ምትእኽኻብ ስድራቤት] = ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ትኾኑ ኣብ ጀርመን ምስ ስድራኹም ብሓንሳብ ክትነብሩ መሰል ኣለኩም። እዚ ማለት ከኣ ስድራኹም ካባኹም ተፈልዮም ይነብሩ እንተ ሃልዮም ከምኡ'ውን መንበሪ ፍቓድ እንተለኩም፣ ናባኹም ናብ ጀርመን ክመጹ መሰል ኣለዎም። እዚ ድማ „ምትእኽኻብ ስድራቤት“ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ኣዝዩ ፍሉይ ኩነታት እዚ ንቐረባ ኣዝማድኩምን ኣሕዋትኩምን ክምልከቶም ይኽእል እዩ።

**Flüchtlingsrat** [ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት] = ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባታትን ከተማታትን ናይ ጀርመን ይርከብ። ንመሰላት ስደተኛታት ዝሰርሕ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዩ። ኣብኡ ምኽሪ፣ ሓበሬታን ሕጋዊ ደገፍን ትረኽቡ ከምኡ'ውን ኣንፈትኩም ብዝሓሸ ንኽትፈልጡ ደገፍ ትቕበሉ። ዝርዝር ኣስማት ናይ ማእከላት ምኽሪ ስደተኛታት ከምኡ'ውን ካልኦት ማእከላት ምኽሪ ኣብ PRO ASYL ክርከብ ይከኣል፣ www.proasyl.de/beratungsstellen-vor-ort/

**Flüchtlingsschutz** [ናይ ስደተኛታት ደገፍ] = ኣህጉራዊ ደገፍ ተመልከት።

**Frauenarzt/Frauenärztin** [ናይ ደቀንስትዮ ሓኪም] = ኣዋልድ ወይ ኣንስቲ ክህልወን ንዝኽእል ሕማም ዝፍውስ/ትፍውስ ሓኪም እዩ/እያ። ኩለን ኣዋልድ ወይ ኣንስቲ ንመርመራ ናብ ናይ ደቀንስትዮ ሓኪም እንተወሓደ ሓንሳብ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ክኸዳ ኣለወን።

## G

**Gemeinschaftsunterkunft für Asylbewerber (GU)** [ናይ ሓተቲ ዑቕባ ናይ ሓባር መንበሪ ቦታ] = ንሕቶ ዑቕቦኦም መልሲ ገና ዘይተዋህቦም ወይ Duldung ዝተወሃቦም ስደተኛታት ጥራይ ዝንበሩሉ ቦታ እዩ። ትሕቲ ዕድመ እንተ ኼንኩም ከምኡ'ውን ናብ ጀርመን ብዘይ ስድራኹም እንተ መጺኹም ኣብኡ ክትነብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንዓኹም ክኣልየኩም ሓላፍነት ኣለዎ።

**Gericht** [ቤት-ፍርዲ] = ሕጋዊ ሕቶታት (ጉዳያት) ዝንጽረሉ መንግስታዊ ትካል እዩ። እዚ ድማ ንኣብነት ሰብ ኣላዩ ክወሃቦ እንተ ኾይኑ ወይ ብሰንኪ ገበን ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክኣቱ ዝግደድ እንተ ኾይኑ የጠቓልል። ምስ ውሳነታት ናይ ኣብያተ-ጽሕፈት እንተ ዘይተሰማሚዕኩም ካልእ ውሳነ ክወሃበኩም ንኽትፍትኑ ምስ ጠበቓ ብሓንሳብ ብምኳን ናብ ቤት-ፍርዲ ክትቀርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**Grundgesetz** [መሰረታዊ ሕጊ] = ቅዋም ጀርመን ሳሕቲ ብኣሕጽሮተ ቓል GG ይፍለጥ እዩ።

## H

**Hilfeplangespräch** [ናይ ደገፍ መደብ ዝርርብ] = ኣብ መንጎኹም፣ ናትኩም ተኻናኻኒ/ተኻናኻኒትን ቤት-ጽሕፈት መንእሰያትን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ኣዋርሕ ዝካየድ ናይ ደገፍ መደብ ዝርርብ እዩ። እዚ ዝርርብ ከመይ ከም ዘለኹም ንምፍላጥ ከምኡ'ውን ብኸመይ ከም ትቕጽሉ መደብ ንምውጻእ ዝዓለመ እዩ። ኣብዚ ብዛዕባ ድልየትኩም ከምኡ'ውን ዘለኩም ጸገማት ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**humanitärer Status/humanitäre Gründe** [መንበሪ ብሰብኣዊ ዓይኒ /ሰብኣዊ ምኽንያታት] = ሰብኣዊ ምኽንያት ማለት ስድራኹም ብሂወት እንተዘየልዮም ወይ

ንመበቆል ሃገርኩም ምምላስ ሓደጋ ዝፈጥር እንተኾይኑ ወይ ኣዚኹም እንተ ሓሚምኩም ወይ ከኣ ተመሳሳሊ ምኽንያት እንተሃሊኩም እዩ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ጀርመን ንግዜኡ ዘጽንሓኩም መንበሪ ፍቓድ ትቕበሉ። እዚ መንበሪ ፍቓድ ክሳብ ደቂ 18 ዓመት ጥራይ ትኾኑ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## I

**Identitätsdokumente** [ወረቐት መንነት] = ብዛዕባ መንነትኩም ዘረጋግጽ ሰነዳት እዩ። ኣብኡ መን ምዃኑ ስምኩም፣ ኣበይን መዓስን ከም ዝተወለድኩም ይሕብር፣ ንኣብነት ፓስፖርት ወይ ናይ ጥምቀት ምስክር ወረቐት።

**Inobhutnahme** [ረዲኤታዊ ክንክን] = ንኹሎም ህጻናትን ትሕቲ 18 ዓመት መንእሰያትን ብዘይ ወለዲ ወይ ኣለይቲ ናብ ጀርመን ዝመጹ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ሓላፍነት ይስከም። ኣብ ጽቡቕ ዝስመዓኩም ውሑስ ቦታ ከም ዝመጻኹም የረጋግጽ። ኣብኡ መግቢ፣ ክዳን፣ ሕክምናዊ ክንክን ከምኡ'ውን ተኻናኸንቲ ይወሃብኩም። እዚ ድማ ረዲኤታዊ ክንክን ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ'ቲ መጀመርያ ዝመጻእኩምሉ ግዜ ናብ ካልእ ቦታ ክትምደቡ (ክትውዘዑ) እንተኼንኩም ናይ ምርግጋጽ ስራሕ ኣሎ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እውን ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ክከናኸነኩም ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ከኣ „ግዝያዊ ክንክን" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**Integrationskurs** [ናይ ምውህሃድ (ኢንተግራስዮን) ትምህርቲ] = ናይ ምውህሃድ ትምህርቲ፣ ሰብ ከም ስደተኛ ምስ ተፈልጠን ኣብ ጀርመን ናይ መንበሪ ተኽእሎ ምስ ሃለዎን ዝውሰድ ግዴታዊ ትምህርቲ እዩ። ናይ ምውህሃድ ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ንዘይክእሉ ልዕሊ ዕድመ ዝወሃብ ጥራይ እዩ።

**Internationaler Schutz** [ኣህጉራዊ ደገፍ] = ኣህጉራዊ ደገፍ ኣብ ጀርመን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ከም ዑቕባ ክግለጽ ይከኣል እዩ። እዚ ብሕጊ ኤውሮጳ ዝምሕደር ኮይኑ፣ ኣብ ጀርመን ንኽትጸንሑ መሰል ይህበኩም። ናይ ስደተኛ ተፈላጥነት ስለ ዘለኩም ወይ subsidiären Schutz ስለ ትውንኑ ማለት እዩ። እዚ ክልቲኡ መሰላት ትረኽቡሉ ምኽንያት ድማ ንኣብነት ኣብ ሃገርኩም ኲናት ምስ ዝህሉ እዩ።

**Interview im Asylverfahren** [ቃለ-መጠይቕ ኣብ መስርሕ ዑቕባ] = መሰማዕታ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ። ናይ ዑቕባ መሕተት እንተ ኣቕሪብኩም፣ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን፣ ኣብ ጀርመን ዑቕባ ክወሃበኩም መሰል እንተለኩም ንምፍላጥ፣ ምሳኹም ቃለ-መጠይቕ ይገብር። ብዛዕባ መበቆል ሃገርኩም፣ መንነትኩም ከምኡ'ውን ናይ ስደት ጉዕዞኹም ክትሕተቱ ኢኹም። ቋንቋ ጀርመን ክትዛረቡ ዘይትኽእሉ እንተ ኼንካኩም፣ ንዝቕርብ ሕቶታትን ናትኩም መልስታትን ዝትርጉሙ ተርጓሚ ወይ ተርጓሚት ይቐርበልኩም። ኩሉ ዝተሓተትክሞ ከምኡ'ውን ዝሃብኩሞ መልስታትን ኣብ ሓደ መዝገብ ሰነድ ይጽሓፍ። ድሕሪ'ቲ ቃለ-መጠይቕ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ሚግሬሽንን ስደተኛታትን ነቲ መዝገብ የንብቦን ዝሃበክሞ ሰነዳት እንተሎ ይርእዮን። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ጀርመን ከጽንሓኩም ዝኽእል ዑቕባ ክወሃበኩም ዝከኣል እንተ ኾይኑ ይውስን።

## J

**Jugendhilfe** [ደገፍ ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት] = ምስ ቆልዑን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ዝተኣሳሰር ዝወሃብ ደገፋትን ዕማማትን ናይ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ካልኦት ማሕበራትን እዩ። ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ቆልዑን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ውሑስን ጥጡሕን ሂወት ኣብ ጀርመን መታን ክህልዎም እንታይ ዕማማት ከም ዘለዎን ነዞም ዕማማት ከመይ ኣቢሉ ኣብ ግብሪ ንምውዓሎም ከም ዝሰርሕን ዝምልከት ብመሰረት ሕጊ ድሕነት ቆልዑን ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ይምሕደር።

**JOG** [መንእሰያት ብዘይ ዶብ] = መንእሰያት ብዘይ ዶብ ኣብ መላእ ዞባታት ጀርመን ዝርከብ ኣብ 2005 ዝተመስረተ ማሕበር መንእሰያት ናይ ስደተኛታት እዩ። እዚ ማሕበር ዝተጸልው ወገናት ናቶም ድምጺ ከም ዘለዎምን ውክልና ከም ዘየድልዮምን ብዝብል መትከል ይሰርሕ። እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ይመርጽ ከመይ ኣቢሉ ይትግብሮን ባዕሉ ይውስን። መንእሰያት ብዘይ ዶብ ኣንጻር ዝኾነ ዓይነት ኣድልዎ ደው ይብል ብፍላይ ኣንጻር ዓሌትነት፣ ፋሽስትነት ከምኡ'ውን ኣንጻር ምስልምና ዝግበር ዓሌታዊ ኣድልዎ።

## K

**Kinder- und Jugendhilfegesetz (KJHG)** [ሕጊ ድሕነት ቆልዑን ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን] = ብዛዕባ ናይ ቆልዑን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ድሕነት ዝምልከት ሕጊ እዩ። ሻሙናይ ማሕበራዊ ሕጊ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ።

**Klage/klagen** [ጥርዓን/ጥርዓናት] = ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ዝቐርብ መሰማዕታ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሕቶ ዑቕባኹም ኣሉታዊ ውሳነ እንተ መጺኩም፣ ኣንጻሩ ጥርዓን ክትቐርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ተጣባቒ ወይ ተጣባቒት ብሓባርን ብቕልጡፍን ዝግበር እዩ።

## M

**Minderjährige/r** [ትሕቲ ዕድመ] = ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ገና ደቂ 18 ዓመት ዘይኣኸሉ ትሕቲ ዕድመ ተባሂሎም ይጽውዑ።

## O

**Organisation/en** [ማሕበር/ማሕበራት] = ገለ ስርሓትን ዕማማትን ንምግባር ተባሂሉ ዝፍጠር ሕብረት ናይ ሰባት እዩ። ኣብ ብዙሓት ማሕበራት ሰብ ክኣቱን ክጽንበርን ቀሊል እዩ ንኣብነት ናይኩዑሶ ማሕበር። እቲ ዕላማ ድማ ብሓንሳብ ኩዕሶ ምጽዋት እዩ። ኣብ ብዙሓት ማሕበራት ግን ሰብ ኣባልነት ክህልዎ ኣየድልን እዩ፤ ሓገዛት ግና ካብኦን ክርከብ ይከኣል። ንኣብነት መንእሰያት ስደተኛታት ካብ ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት ወይ ካብ ማሕበር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓገዛት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## P

**Protokoll** [መዝገብ ሰነድ] = ኣብ ቃለ-መጠይቕ ናይ ሕቶ ዑቕባኹም ዘዘንተኹሞ ኩሉ ኣብ'ዚ መዝገብ ሰነድ (ፕሮቶኮል) ተጻሒፉ ይርከብ። ዘዘንተኹሞ ብልክዕ ኩሉ ተጻሒፉ እንተ ኾይኑ ንምርግጋጽ እቲ መዝገብ ናባኹም ክስደድ እዩ። እቲ ሰነድ ብቛንቋ ጀርመን ዝተጻሕፈ እዩ፤ ስለ'ዚ ግዜ ወሲዱ ብልክዕ ክትርጉመልኩም ዝኽእል ሰብ ክትረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።

**Psychologen/Psychotherapeuten** [ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላታት] = ንስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናዊ ጸገማትኩም ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ሰባት ዝወሃብ ናይ ስራሕ መዓርግ (ሽመት) እዩ። ብተደጋጋሚ ምብህራር፣ ምፍራህን ሕማቕ ሓሳባትን ምልክታት ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ንስነኣእምሮኣዊ ሕማማት ንምፍዋስ ተባሂሉ ኣብ ስደተኛታት ዘተኩራ ማኣከላት ናይ ፍወሳ (ተራፒ) ኣለዋ።

## R

**Rechtsanwalt/Rechtsanwältin** [ተጣባቒ/ተጣባቒት] = ሕጋዊ ምኽርታት ንዝህቡን ኣብ ቤት-ፍርዲ ክውክሉ ንዝኽእሉን ሰባት ዝወሃብ ናይ ስራሕ መዓርግ እዩ።

**Residenzpflicht** [ናይ መንበሪ (መቐመጢ) ግዴታ] = ብቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ኣብ ልዕሌኹም ዝግበር ቀይዲ ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት እዩ። Duldung ምስ ዝህልወኩም መብዛእትኡ እዋን ኣብ'ቲ ናትኩም ቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ዝርከበሉ ዞባ ጥራይ ክትንቀሳቐሱ እዩ ዝፍቀደልኩም። ኣብ መላእ ጀርመን

ብናጻ ክትንቀሳቐሱ ክትክእሉ ብጽሑፍ መልክዕ ናብ ቤት-ጽሕፈት ወጻኣተኛታት ናይ „ምንቅስቓስ ፍቓድ“ መሕተት ክተቕርቡ ኣለኩም። እዚ ግን ኩሉ ግዜ ክቐርብ ዝኽእል ኣይኮነን። ኣገዳሲ ምኽንያት ምስ ዝህልወኩም ጥራይ እዩ፤
ኣብ'ቲ ዘለኽሞ ከተማ ዘይርከቡ ተጣበቓ/ተጣባቒት ወይ ሓከይም ክትከዱ ምስ እትደልዩ ወይ ናትኩም ኣዝማድ ክትበጽሑ ድሌት እንተለኩም ቤት-ጽሕፈት ወጻኣተኛታት ናይ ናጻ ምንቅስቓስ ፍቓድ ክህበኩም ይኽእል እዩ። ቤት-ጽሕፈት ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት እንተ ተሓባቢርኩም ድማ ንዓኹም ወይ ንናትኩም ኣላዪ/ንኣላዪት ፍቓድ ተዋሂቡ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ዘለኽሞ ከተማ ወይ ዞባ ብዘይ ፍቓድ እንተ ገዲፍክሞ ከምኡ'ውን ብፖሊስ እንተ ተታሒዝኩም፤ ንመጻኢ ናይ ምንቅስቓስ ፍቓድ ዘይክወሃበኩም ይኽእል
እዩ ወይ ብገንዘብ ክትቅጽዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ትሕቲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ትእለዩ እንተሊኹም ግና ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣየድልየኩም እዩ። ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓባር ብምዃን ንቤት-ጽሕፈት ወጻእተኛታት ተወከሱ።
**Röntgen(untersuchung)** [ኤክስረይ] = ናይ ኣዕጻምትኹም ከምኡ'ውን ካልኦት ክፋል ኣካላትኩም ስእሊ ንምውሳድ ዝግበር ሕክምናዊ መርመራ እዩ።

## S

**Subsidiärer Schutz** = ኣህጉራዊ ደገፍ ተመልከት።
**Schulabschluss** [መዕጸዊ ትምህርቲ] = ተማሃሮ ብዓወት ትምህርቲ ምስ ዝዛዝሙ ዝወስድዎ እዩ። መዕጸዊ ትምህርቲ ምስ ናይ መዛዘሚ ወረቐት ምስክር ብጽሑፍ ዝወሃብ'ዩ።
**Schulpflicht** [ግዴታዊ ትምህርቲ] = ደቂ 16 ዓመት ዘይመልኡ ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ጀርመን ናብ ትምህርቲ ክኸዱ መሰልን ግዴታን ኣለዎም። ግዴታዊ ትምህርቲ ከኣ ተባሂሉ ይጽዋዕ።
**SGB VIII** [ሻሙናይ ማሕበራዊ ሕጊ] = እዚ ሻሙናይ መጽሓፍ ናይ ማሕበራዊ ሕጊ እዩ። እዚ ድማ ምስ ሕጊ ድሕነት ህጻናትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ተማሳሳሊ እዩ።
**Sorgeberechtigte/r** [ኣለይቲ] = ንኽንክን ትሕቲ ዕድመ ሓላፍነት ዝተሰከሙ ሰባት ዝወሃብ ስም ሓላፍነት ህጻናትን መንእሰያትን ንምእላይ፤ ንምምሃር፤ ንምቁጽጻር ከምኡ'ውን ንምውሓስ የጠቓልል። ካብ ሓደጋ ምክልኻል፤ ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ከምኡ'ው ውዕላት ኣብ መደምደምታ ምብጻሕ (ንኣብነት ውዕል ሞያዊ ይሓቁፍ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ወለዲ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ይስከሙ። ዘይከውን ካልእ ኣላዪ ናይ ምክንኻንኩም ሓላፍነት ይወስድ። እዩ። እዚ ምንባሮም ምውካል ስልጣና) እዚ ምስ

## U

**Unbegleitete minderjährige Ausländer (umA)** [መሰነይታ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛ] = ካልእ ስም ናይ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት እዩ።
**Unbegleitete minderjährige Flüchtlinge (umF)** [መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት] = ገና 18 ዓመት ንዘይመልኡን ብዘይ ስድራ ወይ ኣላዪ ኣብ ስደት ንዝርከቡን ኩሎም ስደተኛታት ይምልከት።
**Unbegleitete Minderjährige (UM)** [መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ] = ንመሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት ዝወሃብ ተወሳኺ ቃል እዩ።
**UN-KRK** [ስምምዕ መሰል ቆልዑ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት] = ንድሕነት ቆልዑ ተባሂሉ ብመብዛሕትኦን ሃገራት ዝጸደቐ ኣህጉራዊ ስምምዕ እዩ፤ እዚ ድማ ከም ሃገራዊ ሕጊ ብባይቶ ተቐባልነት ረኺቡ እዩ። ኣብ'ዚ ስምምዕ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ብፍላይ ከኣ ንመሰላት ህጻናትን ገና 18 ዓመት ንዘይመልኡን ዝምልከት ተጻሒፉ ይርከብ። ኩሎን ነዚ ስምምዕ ዝፈረማ ሃገራት

እንተላይ ጀርመን ንመሰላት ህጻናት ከኽብራን ንህጻናት ግቡእ ሓለዋ ክገብራን ሓላፍነት ኣለወን።

**Unterbringung** [መንበሪ ቦታ] = ከም ህጻናት ወይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓገዝ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት እትነብረሉ ቦታ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ኣብኡ ምስ ካልኦት ህጻናትን ትሕቲ ዕድመ መንእሰያትን ትነብሩ፤ ብመንገዲ ተኻናኸንቲ ድማ ሓገዝን ደገፍን ትረኽቡ። ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ መንበሪ ቦታታት ኣለው፤ መንበሪ (መዓስከር) ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት፣ ናይ ሓባር መንበሪ ቦታ ከምኡ'ውን ናይ ውልቂ መንበሪ ገዛ። ንዓኹም እቲ ዝበለጸ ንምፍላጥ ምስ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብሓባር ብምዃን ወስኑ።

## V

**Volljährigkeit, volljährig** [ልዕሊ ዕድመ] = ኣብ መብዛሕትኦን ሃገራት እንተላይ ኣብ ጀርመን ሰብ ወዲ 18 ዓመት ምስ በጽሐ ከም ልዕሊ ዕድመ ይቑጸር። ኣብ ገለ ሃገራት ድማ ሰብ ድሒሩ ከም ልዕሊ ዕድመ ይፍለጥ። ልዕሊ ዕድመ ምስ በጻሕኩም ውዕላት ክትፍርሙ መሰል ኣለኩም። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኣብ ቅድሚ ቤት-ፍርዲ ናይ ምቕራብ ምሉእ ሓላፍነት ትስከሙ። ልዕሊዕድመ ምስ ትኾኑ ዝወሃበኩም ዝነበረ ፍሉይ ደገፍ ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ከምኡ'ውን ዝነበረኩም ኣላዪ የቃርጽ። እቲ ዝወሃብ ናይ መንእሰያት ደገፍ ክሳብ ወዲ/ጓል 27 ዓመት ትኾኑ ክቕጽል ይኽእል እዩ። ኣብ ጀርመን ኣላዪ ንኽግበረልኩም ዘሎ መሰል ኣብ ሕግታት ናይ መበቆል ሃገርኩም ይምርኮስ። እዚ ማለት ድማ ልዕሊ ዕድመ ድሒራ ካብ ትቕጽር ሃገር እንተ መጺኹም፣ ልዕሊ ዕድመ ክሳብ ትኾኑ መሰል ናይ ኣላዪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ትሕቲ ዕድመ ካብ ቀልጢፋ እትቕጽር ሃገር (ትሕቲ 18 ዓመት) እንተ መጺኹም እዚ ኣብ ጀርመን ተራ የብሉን። ኩሎም ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ-ሰባት ከም ትሕቲ ዕድመ እዮም ዝቑጸሩ።

**Vormund/Vormundin** [ኣላዪ/ኣላዪት] = ልዕሊ ዕድመ ገና ክሳብ ዘይኮንኩም ከምኡ'ውን ብዘይ ስድራ ኣብ ጀርመን ትነብሩ እንተሃሊኹም ናትኩም ሓላፍነት ዝስከም ሰብ እዩ። ምስ ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ንኣብነት ብዛዕባ መንበሪኹም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክትመሃሩሉ እትደልይዎ ቤት-ትምህርቲ ትዘራረቡ። ናትኩም ኣላዪ/ኣላዪት ጥራይ እዮም ውዕላት ዝፍርሙልኩም፤ ንኣብነት ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ውዕል ወይ ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ውዕል።

## W

**Widerspruch** [ተቓውሞ] = ንዓኹም ዝምልከት ብኣብያተ-ጽሕፈት መንግስቲ ዝተወስደ ውሳነ ኣንጻሩ ብጽሑፍ መልክዕ እተቕርብዎ ተቓውሞ እዩ።

**Wohngruppe** [ናይ ሓባር መንበሪ] = ሓደ መልክዕ ናይ መንበሪ ቦታ ኰይኑ፣ ብመንገዲ ቤት-ጽሕፈት ናይ ትሕቲ-ዕድመ መንእሰያት እናተኻየደ፣ ሓደ ጕጅለ ናይ ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብኣለይቲ እናተሓገዙ ብሓባር ዝነብርሉ መንበሪ እዩ።

## Z

**Zeugnis/se** [ወረቐት ምስክር] = ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መወዳእታ ናይ ዓመተ ትምህርቲ ብቤት- ትምህርትኹም ዝወሃብ ኣገዳሲ ሰነድ እዩ። ኣብ'ዚ ወረቐት ምስክር ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ (ቋንቋ ጀርመን፣ ስነ-ሕሳብ፣ ቋንቋ ኢንግሊዝ) ዘምጻእኩሞ ውጽኢት ተመዝጊሙ ኣሎ። ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝቐየርኮምሉ ከምኡ'ውን ስራሕ ንምድላይ ኣብ ዘመልከትክምሉ እዋን ድማ ወረቐት ምስክርኩም ክተቕርብዎ ኣለኩም።

## ኣሕታሚ

ፈደራላዊ ማሕበር ናይ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕደመ ስደተኛታት

**Publisher :**

Bundesfachverband unbegleitete minderjährige Flüchtlinge e.V.
Paulsenstr. 55 – 56
12163 Berlin
Germany
Email: info@b-umf.de
Telephone : +49 (0)30 82 09 743 – 0
Fax: +49 (0)30 82 09 743 – 9

**Jugendliche ohne Grenzen**
facebook: /jogspace
twitter: @jogspace
email: jog@jogspace.net
website: jogspace.net

**Design:** Kai Noah Schirmer & Ahmed Isam
November 2016

**ዝተሓባበሩና፡-**
ዒቕባል ታሪክ፣ ዋዕል ዛርዳህ፣ ር. ምሃንዱ፣ ዓይሸ፣ ዓሊሬዛ ሑሴን፣ ሃቫ ሞሪና፣ጎላም ራሱል ሓኪሚ፣ ኑሃይላ፣ ዊሳም፣ ሶልጣን ኣክባሪ፣ ፍራንሲስካ ሽሚድ፣ ሚርያም ለሽክ፣ ያኒና ሮስት።

ምስጋና ንኣሳናዳእቲ ቶብያስ ክላውስ ከምእውን ኡልሪከ ሽቫርስ

ገለ ክፋል ናይ‘ዚ ጽሑፍ ካብ‘ቲ ናይ እንቋዕ ብዳሓን መጻኩም ዝብል ቀዳማይ መግለጺ ጽሑፍ ናይ BumF ዝተመርኮሰ እዩ

ተርጓማይ፡- ስመ-ስውር
ኣራሚ ጽሑፍ፡- ኣድሓኖም ገብ
Tigrinya Übersetzung: Anonym
Tigrinya Lektorat: : Adhanom Gebresllasie

ምወላ ብመንገዲ
Silicon Valley Community Foundation ከምእ‘ውን ብመንገዲ ውልቃውያን ለገስቲ ዝተዋህበ ደገፍ

Gefördert vom:
Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

Deutsches Rotes Kreuz

www.kommgutan.info

Jugendliche ohne Grenzen

Bundesfachverband unbegleitete minderjährige Flüchtlinge
BumF